

መበል 35 ዓመት ቁ.29 ቀዳም 4 ጥቅምቲ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ገጽ 3 ገጽ 4 ገጽ 5 ገጽ 11

ዜና

ተኣምራታዊ ገረብ ሞሪንጋ ሕማም ምቝላዕ (ብሩሴላ) ከመይ’ዩ?

ግዜና ብኸመይ ንዕቅብን ናብ
ረብሓና ነውዕሎን

ኣብ ትሕዝቶ ማይ ዘተኰረ መጽናዕቲ ብዝለዓለ ከም ዝድፋኣሉ

ክፍሊ ሃብቲ ማይ ገሊጹ
ትሕዝቶ ልዕለ-ባይታውን ትሕተ-
ባይታውን ማይ ንምፍላጥ ዝካየድ
መጽናዕቲታት ብዝለዓለ ከም ዝድፋኣሉ፡
ክፍሊ ሃብቲ ማይ - ሚኒስትሪ መሬት፡
ማይን ኣከባብን ገሊጹ።

ዳይረክተር ጨንፈር ዳህሳስን
ሓበሬታን ኣቶ ሰመረ በርሀ ንኤሪና
ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኤርትራ ኣብ
ደረቕን ሓውሲ-ደረቕን ከባቢ ዞባ
ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ስለ እትርከብ፡
ዘለዋ ጸጋታት ማይ ውሱን ምዃኑ
ብምጥቃስ፡ ዓመታዊ ዝርከብ መጠን
ዝናብ - ኣብ ምብራቓዊ ጐላጉል ካብ

50 ክሳብ 200 ሚሊ-ሜተር፣ ኣብ
ማእከላይ ከበሳ ካብ 400 ክሳብ 700
ሚሊ-ሜተር፣ ኣብ ምዕራባዊ ጐላጉል
ከኣ ካብ 300 ክሳብ 500 ሚሊ-ሜተር
ከም ዝዀነ ገሊጹ።

ብዛዕባ ትሕዝቶ ሩባታትን ማይ-
ክዖታትን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ድማ፡
ኤርትራ 5 መሳጥሕ ማይ-ክዖታት
ማለት መሳጥሕ መረብ-ጋሽ፡ ባርካ-
ዓንሰባ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሃጓፍ ደንካልያን
ሰቲትን ከምእትውንን ብምጥቃስ፡
ኣብ ዓመት 10 ቢልዮን ሜትሮ ኩቦ
ወሓይዝ ክሓልፍ ከሎ፡ ዓመታዊ

ክትካእ ዝኽእል ትሕተ-ባይታዊ ሃብቲ
ማይ 2 ቢልዮን ሜትሮ ኩቦ ከም
ዝበጽሕ ኣፍሊጡ።

ጨዋምነት ጽፍሓዊ ማይ ወሓይዛትና
ዘስክፍ ከም ዘይኰነ ዝጠቐሰ ኣቶ
ሰመረ፡ ንትሕዝቶ ትሕተ-ባይታዊ
ማይ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡
ኣብ ምብራቓዊ ጐላጉል ዝርከብ
መብዛሕትኡ ጨዋምን ሓፊስን
ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ማእከላይ ከበሳ
ማእከላይ ጨዋምነት፣ ኣብ ምዕራባዊ
ጐላጉል ዝርከብ ድማ ምቹእ ቅርጺ ስነ-
ምድሪን ሰፋሕቲ መገብቲ ወሓይዝን

ስለ ዝውንን ብቕዓቱ ብሉጽ
ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ’ዚ ዓመት ዝሃረመ
ዝናብ ብተዛማዲ ደሓን
ዝርግሐ ከም ዝነበሮ
ብምጥቃስ፡ ኣብ ቀጽሪ ክፍሊ
ሃብቲ ማይ ዘሎ መዐቀኒ
ብመሰረት ዘመዝገቦ፡ ኣብ
ዝሓለፈ 8 ኣዋርሕ ኣስታት
502 ሚሊ-ሜተር ዝናብ ከም
ዝወቕዐ ሓቢሩ።

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቐዲሙ
ብዝተኻየደ መጽናዕቲ
ትሕተ-ባይታዊ ማይ፡ ኣብ
ንኡሳን ዞባታት ሞልቊ፡ ሻምብቆ፡
ኣውጋሮ፡ ኣቑርደት፡ መንሱራ፡ ላዕላይ-

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቊ፡ ዘራእቲ ኣብ ጽቡቕ ኵነታት

ከም ዝርከብ ተሓቢሩ
ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቊ፡ ኣብ ኣስታት
14 ሽሕ ሄክታር ዝተዘርአ ኣእካል ኣብ
ጽቡቕ ደረጃ ከም ዝርከብ፡ ተጸዋዒ
ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ካሕሳይ ማና
ገሊጹ።

ኣብ ክራማት 2025 ብደረጃ ንኡስ ዞባ
ክሕረስ ካብ ዝተወጠነ 15,414 ሄክታር
ልዕሊ 90 ሚእታዊት ከም እተሓርሰ
ብምጥቃስ፡ ዝናብ ደንጉዩ ኣብ መፋርቕ
ወርሒ ሓምለ ብምጅማሩ ኣብቶም
ኣቐዲሞም ዝተዘርኡ ናይ ኣዝመራ
ዘራእቲ ኣሉታዊ ጽልዋ ከም ዝተፈጠረ፡
እንተዀነ ካብ’ቲ ዝጅምረሉ ግዜ
ጽቡቕ ዓቐንን ዝርግሐን ዝነበሮ ዝናብ
ስለ ዝሃረመ፡ ዝበዝሐ ዘራእቲ ከም ዘርከበ
ኣረዲኡ።

ቅርጺ መሬት ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ

ንዘመናዊ ኣገባብ ማሕረስ ምቹእ ስለ
ዘይኰነ፡ ዝሰፍሐ ክፋል ብያታዊ ኣገባብ
ከም እተሓርሰ ዝጠቐሰ ኣቶ ካሕሳይ፡ ካብ
መፋርቕ ወርሒ ሓምለ ክሳብ ወርሒ
መስከረም እኹል ዝናብ ስለ ዝወቕዐ፡

ዘራእቲ ኣብ ደረጃ ምውላድን ምሽዋትን
ከም ዝርከብ ሓቢሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣቶ
መልኣከ ወልደሚካኤል ብወገኑ፡ ዝናብ
ደንጉዩ ምጅማሩ ስግኣት ፈጢሩ’ኳ
እንተ ነበረ፡ ድሒሩ ግና እኹል ዝናብ
ብምውቅዑ፡ ድሒሮም ዝተዘርኡ
ዘራእትን መገሃጫታትን ኣብ ጽቡቕ
ደረጃ ከም ዝርከቡ ገሊጹ።

እቶም ሰብ ሞያ ሕርሻ ኣብ መወዳእታ፡
ዘራእቲ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ዘዛኒ ስለ
ዘይኰነን ተኽእሎ ጸያቕ ማዕጺድ
ክህሉ ስለ ዝኽእልን፡ ኣብ ቆፎኡ ክሳብ
ዝኣቱ ልዑል ጻዕርን ምክትታልን
ክገብሩ፣ ከምኡ’ውን ዝቐደመ ምህርቶም
ከእትዉን ተረፍ ምህርትን ሳዕርን ብግቡእ
ክእክቡን ኣተሓሳሲቦም።

ዓንሰባ - ንዓይነ-ስዉራን ስልጠና

ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ብምውህሃድ
ጨናፍር ሚኒስትሪ ትምህርትን
ማሕበር ዓይነ-ስዉራን ኤርትራን
ብቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር ክስልጥኑ
ዝጸንሑ 13 መምህራን ዝርከብዎም
19 ዓይነ-ስዉራን፡ ብ2 ጥቅምቲ
ኣብ ከተማ ከረን ተመሪቖም።

እቲ ንልዕሊ ክልተ ሳምንቲ ዝቐጸለ
ስልጠና፡ ዓይነ-ስዉራን ብሓፈሻ
መምህራን ድማ ብፍላይ ምስ
ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር ንዝጸንሖም
ኣፍልጦ ብምዕባይ፡ ኣበርክቶኦም
ክብ ንምባል ዝዓለመ ምዃኑ፡ ኣቦ-
መንበር ጨንፈር ማሕበር መምህራን
ኣቶ ክብሮም ገብረዝጊ ሓቢሩ።

ነቲ ስልጠና ክዉን ንዝገበሩ
ኣካላትን መሻርኽትን ምስጋና

ዘቕረበ፡ ኣቦ-መንበር ጨንፈር
ማሕበር ዓይነ-ስዉራን ኣቶ
መሓመድ ብርሃን ብወገኑ፡ ከም’ዚ
ዝበለ ስልጠና ንዓይነ-ስዉራን ኣብ
ምምዕባል ህይወቶም እወታዊ
ኣበርክቶ ስለ ዘለዎ ክድፋኣሉ
ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ
ዓንሰባ ኣቶ ክፍላይ ዓንደሚካኤል
ብወገኑ፡ ዓይነ-ስዉራን ከም
ኩሉ ዜጋ ኣፍልጦኦም ዓብዩ
ኣፍረይትን ኣበርከትቲን ንክዀኑ፡
ሞያዊ ስልጠና ብሓፈሻ ምስ
ቴክኖሎጂ ዝተኣሳሰር ድማ ብፍላይ
ክውደበሎም ኣገዳስነቱ ዕዙዝ
ከም ዝዀነ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ
ቀሲሞምዎ ንዘለዉ ሞያ ብግቡእ
ክጥቀምሉ ተማሕጺኑ።

ጋሽን ተሰነይን ዝተዃዕታ 11 ዒላታት
ንኣገልግሎት ድልዋት ኰይነን ከም
ዘለዋ፡ ኣቶ ሰመረ ብተወሳኺ ገሊጹ።

ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት
ምክልኻል ሎሚ ክዛዘም’ዩ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 35 ዓመት ቁ.29 4 ጥቅምቲ 2025 - ገጽ 2

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ዜና

ብቑዕ ተመሃራይ ንምፍራይ፡ ምድልዳል ስሉሳዊ ዝምድና ወሳኒ ምዃኑ ተገሊጹ
ብቑዕ፡ ዕዉትን ኣብነታውን ተመሃራይ
ንምፍራይ፡ ምድልዳል ስሉሳዊ ዝምድና
ብሓፈሻ፡ ምዕዛዝ ተራ ወለዲ ድማ ብፍላይ
ዓቢ ኣገዳስነት ከምዘለዎ፡ መምህራንን
ክኢላታት ስነ-ኣእምሮን ጸዊዖም።

ሓላፊ ስነ-ምምህርና - መምህር ክብርኣብ
መልኣከ፡ ሓደ ተመሃራይ ብሉጽ ዝበሃል፡
ብዲስፕሊን ዝተሃንጸ፣ ክብሪ ባህሉን
ሕብረተሰቡን ዝሕሉ፣ ኩሉ ንጥፈታቱ
ብመደብ ዝመርሕን ንኻልኦት ኣብነት
ዝኸውንን ከምዝዀነ ብምጥቃስ፡ ነዚ
ንምውናን - ወለዲ ንደቆም ግዜ ክህቡን
ኣብኦም ከውፍሩን ተማሕጺኑ።

ኣብ ሆስፒታል ከረን ሓኪም ስነ-
ኣእምሮ ኣቶ መብራህቱ ክፍላይ ብወገኑ፡
ኣእምሮኣውን ማሕበረ-ስምዒታውን
ዕብየት ተመሃራይ፡ ኣብ መስርሕ ትምህርቲ
ዓቢ ተራ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ወለዲ
ጥዕና ኣእምሮን ማሕበራዊ ኩነታትን
ደቆም ብዝግባእ ተረዲኦም ክሕግዝዎም
ከምዘድሊ ኣገንዚቡ።

ተመሃራይ ሓያል ድሌት ዓወት ኣብ
ትምህርቲ ክህልዎን ብኡ መንጽር ተበግሶ
ክወስድን እንተኾይኑ፡ ፍሉይ ክንክንን

ናብዮትን ስድራ-ቤት ኣገዳሲ ምዃኑ
ብምሕባር፡ወለዲን ኣለይትን - መኸርቲ፡
ኣተባባዕትን ስምዒታቶም ዝቈጻጸሩን ምስ
ዝዀኑ ብቑዕን ርእሰ-ተኣማንነትን ዘለዎን
ተመሃራይ ምፍራይ ከምዝከኣል፡ ኣቶ
መብራህቱ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ወለዲ ብቘልዑ ንዝውሰድ ሓላፍነታዊ
ተበግሶታት ብእወታ ክቕበልዎን ዝያዳ
ከተባብዕዎን ምስ ዝጅምሩ፡ ዕላማ ዘለዎ
ሂወት ክነብሩ ከምዘኽእሎም፣ ብኣንጻሩ
ደሃልትን ቀጻዕትን ምስ ዝዀኑ፡ እቶም
ቈልዑ ዝያዳ ነፍሰ-ወቐሳ ስለዘርእዩ
ንኣተሓሳስባኦም ብኣሉታ ከምዝጸልዎን
ኣብ ትምህርቶም ድኻም ከምዘስዕበሎምን
ገሊጹ።

እቶም ሞያውያን ኣብ መወዳእታ፡
ወለዲ ከም’ቲ ተመሃሮ ደቆም ንኣካላቶም
ዘድሊ ዕብየት ክረኽቡ ዝገብርዎ ዘይሕለል
ጻዕሪ፡ ኣብ ትምህርቶምን ኣተሓሳስባኦምን
እውን ተራኦም ወሳኒ ምዃኑ ብምግላጽ፡
ኣበርክቶኦም ብዝለዓለ ከዕብዩ ተላብዮም።
ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ
ዝግበር ናብዮትን ክትትልን ህጻናት፡ ኣብ
ዝቕጽል ሂወቶም ኣገዳሲ ስለዝዀነ፡

ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል እጃሙ ከበርክት
ጻውዒት ቀሪቡ።
ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ
ሱፐርቫይዘር ቅድመ-ትምህርቲ መምህር
እልፋ ዕቚባጋብር ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡
ኣገልግሎት ቅድመ ትምህርቲ - ህጻናት
ኩሉንትናዊ ውሁድ ምዕባለ ዝረኽቡሉ፣
ከምኡ’ውን ብኣካልን ኣእምሮን ዝህነጹሉ
ወሳኒ መድረኽ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ህጻናት
ልዕሊ 75 ሚእታዊት ካብ’ቲ ኣብ ሂወቶም
ዘድልዮም ክእለት፡ ፍልጠትን ብቕዓትን
ክሳብ 6 ዓመት ከምዘኻዕብትዎ ኣነጺራ።

ደ/ቀ/ባሕሪ - ብቋንቋ ምልክት ክስልጥኑ ዝጸንሑ ተመሪቖም

ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን
ኤርትራ ጨንፈር ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡
ንክልተ ኣዋርሕ ብቋንቋ ምልክት
ዘሰልጠኖም ካብ ዝተፈላለያ ትካላት
መንግስቲ ዝተዋጽኡ 54 ሰባት፡ ብ28
መስከረም ኣብ ዓሰብ ተመሪቖም።

ሓላፊ ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ
ድሕነትን ኣቶ ዮሴፍ ፍስሃየ
ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዕላማ ናይ’ቲ
ስልጠና፡ ኣብ ትካላት ንጽሙማን
ዘጋጥም ናይ ምርድዳእ ጸገም
ንምቅላል ከምዝዀነ ብምጥቃስ፡ ኣብ
ውሽጢ ስድራ-ቤት፡ ኣዕሩኽ፡ ቦታ
ስራሕን ቤት-ትምህርትን ዝምዕብል
ማሕበራዊ ርክብ ኣብ ምዕባለኦም
ሓጋዚ ከምዘኾነ ገሊጹ።

ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ማሕበር
ጽሙማን ኤርትራ ኣቶ

ወልደሚካኤል ስእለ ብወገኑ፡ ኣብ
ሃገርና ካብ 30 ክሳብ 40 ሽሕ ዝኾኑ

ኣብ’ዚ ደረጃ፡ ምልከት ቋንቋ፡ ኣካላውን
ኣእምሮኣውን ምዕባለ፡ ማሕበራዊ
ስምዒታዊ ምዕባለን ናይ ባህሪ ለውጢን
ንምምጻእ ዝሕግዝ ትሕዝቶ ዘለዎ
ትምህርቲ ከምዝወሃብ ዝጠቐሰት መምህር
እልፋ፡ መምህራን ኣብ ቤት-ትምህርቲ፣
ወለዲ ኣብ ገዛ፣ ሕብረተሰብ ድማ
ኣብ ከባቢ ግቡእ ናብዮትን ክትትልን
ክገብሩሎም ኣዘኻኺራ።
“ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ፡ ነፍሲ-ወከፍ
ትምህርቲ ብጸወታ፡ ነፍሲ-ወከፍ ጸወታ

ከኣ ትምህርቲ’ዩ” ዝበለት መምህር እልፋ፡
ወለዲ ልክዕ ከም’ቲ ኣብ መባእታን
ልዕሊኡ ዘሎ ደረጃታት ትምህርትን
ንዘለዉ ደቆም ዝገብርዎ ምክታትልን
ናብዮትን ክገብሩሎም ተማሕጺና።

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ 103 ኮማዊ መዋእለ
ህጻናት፡ 76 ምስ መባእታ ተጸጊዐን ዘምህራ፡
71 ድማ ርእሰን ዝኸኣላ መዋእለ ህጻናት
- ብድምር 250 ናይ ቅድመ ትምህርቲ
ኣገልግሎት ዝህባ ትካላት ኣለዋ።

ፖሊሲ ርእሰ ምርኰሳ ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ ኣብ’ዞም
ተኣለይቲ ስንኩላን ክሳብ ክንደይ ሰሪጹ
ትብሊ?
እታ ዝዓበየት ካብቲ ውድብ ዝቐሰሙዋ
ንሳ እያ። ሞራሎም፡ ካብቲ ጥዑይ እየ

ዝብል ሰብ ንላዕሊ እዩ። ሰብ ክሕግዞም’ውን
ኣይደልዩን እዮም። ሓንቲ መሓዛ ኣላትኒ
ኣብ ቃኘው፣ ካብታ ገዛይ እታ ገዝኣ
ትጸሪ። ፓራላይዝ እንከላ፡ ህይወታ ባዕላ
እያ ትመርሕ። ጸብሓ ባዕላ ትሰርሕ፣

መጎጎኣ ባዕላ ትስንክት፣ ክዳውንታ’ውን
ባዕላ’ያ ትሓጽብ።

ድሕሪ ናጽነት፡ ንሞያኺ ብኸመይ
የዕቢኽዮ?
ኣብ ሜዳ ሓኪም ቦጦሎኒ ተማሂረ እየ
ናጽነት ኣትየ። ኣብ 1995 ድማ፡ ነርሲን
ክመሃር ዕድል ረኺበ። ናይ ዲፕሎማ
ሰርቲፊኬተይ ሒዘ ድማ፡ ኣብ 1997
ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ተመዲበ። ነዊሕ
ከይጸናሕኩ ግን፡ ኣብቲ ዓመት’ቲ ናብ
ሆስፒታል ሓሊበት ተቐይረ። ኣብኡ፡ ክሳብ
2005 ነርስ ኰይነ ሰሪሐ። ካብኡ ንደሓር
ድማ፡ ብደረጃ ርእሰ ነርስ እሰርሕ ኣለኹ።

ናይ ሜዳን ናይ ሕጅን ሕክምና
መነጻጸርክዮ ዶ?
እቲ ናይ ሜዳ ሕክምና፡ ብዙሕ
ሕጽረታት’ዩ ነይሩዎ። ልዕሊ ኩሉ
መሳርሒታት ኣይነበሮን። ንኣብነት፡ ጎዝ
ንሓደ ውጉእ ምስ ሓከምናሉ፡ ብዘይ ጓንቲ
ምጕሉን ደሙን ሓጺብና፡ ኣንቂጽናን

ኣምኪንናን እንደገና ነቲ ካልእ ውጉእ
ንሕክመሉ ነይርና። ሕጂ ግን ከምኣ
ኣይምገበርናን፣ ምፈንፈንና። ኣነ ንባዕለይ
ከምኣ ኣይምገበርኩን።

ንጸገማት ሕሙማት ኣብ ግምት
ኣእቲኽን ትሰርሓኦ ስራሕ እንታይ ኣሎ?
ኣለይቲ ዘይብሎም ጽጉማት ክሕከሙ
ብዙሕ ግዜ’ዮም ዝመጽኡና። ከምታ
ኣብ ሜዳ ንገብራ ዝነበርና ከኣ፡ ነፍሶም
ሓጺብና፡ ጸጕሮም ምልጻይ ዘድልዮ እንተ
ዀይኑ’ውን ላጺና ንሕክሞም። ካብ
ርሑቕ ቦታታት ዝመጽኡና’ውን ኣለዉ።
ብፍላይ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል።
ነዚኦም፡ ከምቲ ካልእ ተገልጋሊ ቆጸራ
ሂብና ፈጺምና ኣይንመልሶምን ኢና።
ጸገሞም ስለ ዝርዳኣና፡ ተጻጊምና ኢና በቲ
ዝመጽኡዎ ተቐቢልና ከም ዝረኣዩ፡ ከም
ዝሕከሙ ወይ’ውን ከም ዝድቅሱ ንገብር።

የቐንየልና!

ደቂ ኣንስትዮ ኣብ . . .

ምሕረት ወልዳይ

ካብ 10ይ ገጽ ዝቐጸለ

ኣብ ማሕበር ዝተጠርነፉ ጽሙማን
ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ እቲ ስልጠና

ኣካል ናይ’ቲ ንኹሉ ሕብረተሰብ
ዘማእከለ ቋንቋ ምልክት ንምምዕባልን

ንምስልጣንን ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ
ከምዝዀነ ገሊጹ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 35 ዓመት ቁ.29 4 ጥቅምቲ 2025 - ገጽ 3

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ጥቕሲ
እዚ ሰሙን

“እቶም ‘ክግበር ኣይከኣልን’ዩ፡’ ዝብሉ፡ ኵሉ ግዜ በቶም ዓየይቲ
መልሓሶም ምስ ሓየኹ’ዮም።”

- Anon

ቀዳሞት ኣብ

ማያት ዘንሳፈፉ

ኣብ ከባቢ ማያት (ውቅያኖሳት፡
ባሕርታትን ኣፍላጋትን) ዝነብሩ
ኣህዛብ፡ ኣብ ልዕሊ ማያት
ከንሳፍፉን ኪንዮኡ ሓሊፍካ
እንታይ ከም ዘሎን ክፈልጡ ክቱር
ባህጊ ነበሮም። ቀዳሞት እዚ ባህጊ
ዝሰመረሎም ግብጻውያን እዮም።
ሽሕ’ኳ ኣጸቢቑ ርጉጽ ኣይኹን
እምበር ቅድሚ ሓሙሽተ ሽሕ
ዓመታት ግብጻውያን ጃልባታት
ይጥቀሙ ምንባሮም ምስክር
ምእንቲ ክኸውን ኣብ ጥንታዊ
ኣኻውሕ ምስለን ወቂጦሞ
ኣለዉ።

ክሳዕ 1800ታት ምዕባለ
መራኽብ ገፈፍ ይብል ኣብ
ዝነበረሉ፡ እቲ ሽዑ ዝተበጽሐ
ቅልጣፈ ኣብ ሰዓት ሰላሳን
ትሽዓተን ኪሎ ሜትሮ ነይሩ።
ቻይናውያን ቀዲሞም ኣብ
ዓውደ-ውግእ ከሳትፍወን ምስ
ጀመሩ ግን እናማዕበላ መጺአን።
እቲ ብሓይሊ ሰብ ዝእለ ዝነበረ
መጀለቢ። ናብ ሃፋ፡ ጸኒሑ ናብ
ኤለክትሪካዊ ሞተር ማዕቢሉ።

A man talking to God:
The man: “God, how long is a million years?”
God: “To me, it’s about a minute.”
The man: “God, how much is a million dollars?” God: “To me it’s a penny.”
The man: “God, may I have a penny?”
God: “Wait a minute.”
***

ሜሪ ማና

ዳእላ ተመሃሮ

ቅድሚ ገለ እዋን፡ ‘ስሩዕ ምዃን’
ሓደ ካብ ባህርያት ንፉዓት ተመሃሮ
ምዃኑ ኣብ ዘርኢ ኣርእስቲ፡
ትምህርቲ ሓደ ካብ ዝዓበዩ
ርኽበታ ሰብ ምዃኑ፣ ሓደ ሰብ
ካብ ህጻንነቱ ኣትሒዙ ካብ ከባቢኡ
ብዙሕ ከም ዝመሃር፣ ዕድመኡ
ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ከኣ
በብደረጃኡ በብዓቕሙ ትምህርቲ
ከም ዝወሃቦ፣ ክዅትት እንከሎ ከኣ
ትምህርቲ ንረብሓኡ ከም ዝመሃሮ
ከም ዝርዳእ፣ መወዳእታኡ’ውን
ንተፈጥሮ ብሓፈሻኡ፡ ንነብሱን
ከባቢኡን ብግቡእ ተረዲኡ ህይወቱ
ብዝቐለለ ንኽመርሕ ከም ዝመሃር
ዝገልጽ ጽሑፍ ኣብዚ ዓምዲ
ወጺኡ ነይሩ። ብተወሳኺ፡ ተመሃሮ
ንግዜኦም ብስሩዕ ክጥቀምሎም
ዝኽእሉ ነጥብታት ምስ’ናይ
መፈተኒ ሰደቓታት ቀሪቡ። ኣብ
መወዳእታኡ፡ ዝበዝሐ ግዜና
ሰሙናዊ ኣበይ ከም እነጥፍኦ
ከርኢ ፈቲኑ። ካብዚ ብምብጋስ፡
ንሎሚ ግዜኻ ዝበልዓልካ ልምዲ
ምስ ኣለለኻ፡ እቲ ኣብ ዘየድልየካ
ዝጠፍእ ዝነበረ ግዜ ብኸመይ ናብ
ረብሓ ተውዕሎ ዝገልጽ ትሕዝቶ
ብወገነይ ከካፍል፤

ኣብ ሰሙን ዘለዋ ሰዓታት፡
እንታይ እንታይ ከም እንገብረለን
ንፍለዮ። ድሕሪኡ እቲ ንጥፈታት
ኣብ ሰለስተ ኣንጻራዊ ተነጻጸርነት
ዘሎዎም ሰደቓታት ንምቀሎ። 1.
ዘገድሱን ዘየገድሱን፣ 2. ዝጠቕሙን
ዘይጠቕሙን፣ 3. ኣፍራዪን
ዘይኣፍራዪን ብምባል ኣብ ሰለስተ
ንምቀሎም። በዚ ኣገባብ ዝተመልአ
ሰደቓ ኣብ ሰሙን ንዝርከባ ሓደ
ሚእትን ሱሳን ሸሞንተን ሰዓታት
ኣበይን ብኸመይን ከም እነውዕለን
ኣነጺርና ክንርኢ ንኽእል። ሕማምካ
ከይፈለጥካ ፈውስኻ ክትረክብ
ኣይከኣልን እዩ። ከምቲ ዝርኣናዮ፡
ኣካውና ግዜና መቓቒልና
ክንርድኦ ምኽኣልና እምብኣር
ፈውስና ክንረክብ ክሕግዘና እዩ።
እሞ ብኸመይ ኢና ግዜና ንዕቅብን
ናብ ረብሓና ነውዕሎን?

ቀዳማይ፤ ኣብቲ ሰሙናዊ
ዝጠፍእ ዝነበረ ግዜ፡ “ብዙሕ ግዜ’የ
ዘባኽን ነይረ፡” ኢልና ጥራይ
ክንሓልፎ ዘይኰነ፡ “ኣበይ? መዓስ?
ስለምንታይ’የ ግዜይ ዘጥፍኦ
ነይረ?” ብምባል ኣጣፍኣ ግዜና
ብዕሙቝ ዝበለ ክንፈልጦ የድሊ።

ግዜና ብኸመይ ንዕቅብን ናብ ረብሓና ነውዕሎን

ግዜና ኣብ ምንታይ ነጥፍኦ ከም
ዘለና ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን
ኣገባብ ኣፈታትሻ ክትርዳእ ንኽእል
ኢና። መዓስን ኣብ ከመይ ኵነታት
እንከለና ኢና ኣብቲ ዘየረብሕ’ዩ
ዝብሃል ንጥፈታት ግዜና ተጥፍኦ
ነይርና ኸኣ ምፍላጡ የድሊ።
እቶም ንረብሓና ዝውዕሉ ወይ
ኣብ ቍምነገር እነጥፍኦ ግዜ ከም
እወታዊ ሓሲብና ንግዜኡ ነዕርፎ።
ድሕሪኡ ‘ስለምንታይ’ ዝብል
ሕቶ ክንምልሶ ንፈትን። ንዅሉ
መመኽነይታ ክህሉዎ ግድን’ዩ።
ኣብ ኵሉ ተመሳሳሊ ጠንቂ
ኣሎዎዶ የብሉን ነለሊ።

ካልኣይ፤ ምውሳንን ውሳነኻ
ምስዓብን። ግዜና ብኸንቱ
ዘጥፍኣልና ዘሎ ምኽንያት ምስ
ፈለጥና፡ እሞ ኸኣ ከነወግዶ ከም
ዘለና እንተ ተረዲእና፡ ኣጸምው
ኣቢልና ምስ ነብስና ወይ ዳየሪና
ምውጋዕ የድልየና። ምስ ነብሲና
ምልዛብ ስምዒታዊ ውሳነታት ካብ
ምውሳድ ስለ ዘድሕን፡ ውሳነና
ብግብሪ ንኸነሰንዮ ሓጋዚ እዩ።
ድሕሪ ምውሳንና ነቲ ከነወግዶ
ዝወሰንናሉ ነቐንየሉ ምኽንያት ስለ
ዘየለ ንእለቱ ደው ነብሎ።

ሳልሳይ፤ ጎቦ ኣብ ሓደ መዓልቲ
ከም ዘይፈርስ ንዘክር። እቶም
ግዜና ዘባኽኑልና ዘለው ንጥፈታት
ብዙሕ ግዜ ንደጋግሞም ዝነበርናን

ካብ ሓደ ንላዕልን ክዀኑ ይኽእሉ።
ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ ንዅሉ ብሓደ
ግዜ ከነወግዶ ክንፍትን ንኽእል
ኢና። ዘይከኣል ነገር ስለ ዘየለ፣
ወይ’ውን ሰብ ብተፈጥሮኡ ንዅሉ
ዝኽእል ስለ ዝዀነ፡ እንተ ኸኣልናዮ
መዓረ። እንተ ዘይኰነ ግን ከም
ኣባልዓ ሓምሳ ሓደ ድሕሪ ሓደ
ከነወግዶም ይክኣል።

ነዚ ንምግባር፡ ኣብ ዳየሪና ወይ
ኣጀንዳና ሓደ ብሓደ ንዅሎም
ንጽሓፎም። ኣየናይ’ዩ ዝበዝሐ
ዘምክን? ብምባል ብቐደም-ተኸተል
ንመዝግቦም። በቲ ዝበዝሐ ግዜ
ዘጥፍኣልና ክንጅምር እንተ
ኽኢልና ግርም፡ በቲ ዝወሓደ
እንተ ጀሚርና’ውን ጸገም የብሉን።
ግዳ ክሳዕ መዓስ ከም እነወግዶም

ዘርኢ ናይ ግዜ መቓን (ታይም
ቴብል) ንስራዕ። ኣብ ውሽጢ እቲ
ዝመደብናዮ ግዜ ድማ ነወግዶም።

ሳልሳይ፤ ጥንቁቕን ቅኑዕን
ምዃን። እቲ ከነተግብሮ ነቒልና
ዘለና ለውጢ፡ ንረብሓ ገዛእ ርእስና
እዩ። ከምኡ ምግባርና ንሕና
ጥራይ ኢና ንረብሕ። ካብ ምልዋጥ
ብምብኳርና ዝመጽእ ሳዕቤን
እንተ’ሎ’ውን ብተመሳሳሊ ንገዛእ
ርእስና እዩ። ባዕልኻ ንባዕልኻ
እትገብሮ’ዩ። ሓንቲ ዕላል ወስ
ክብለኩም፤ ኣብዚ ቀረባ ኣዋርሕ

ኣብ ጐደና ሓርነት እተዓዘብናዮ
እዩ። ሓደ መንእሰይ ኣብ ሞተር
ሳይክል ተወጢሑ ብማእከል ከተማ
ይሕንበብ ነበረ። እቲ መንእሰይ

ብዘይ ካስኮ (መከላኻሊ ርእሲ ቆቢዕ)
ሞተር ሳይክል ስለ ዘሐንበበ ፖሊስ
ትራፊክ ደው ኣበሎ። “ስለምንታይ
ካስኮ ዘትመልስ? እንታይ ገደሰካ
ኣይንድሕነት ህይወትካ እንድዩ፡
” ብምባል ክምዕዶ ፈተነ። ወዮ
መንእሰይ ከኣ “እሞ ንዓይ እንተ
ዀይኑ ደኣ እንታይ ኣሸገረካ፡”
ብምባል መለሰ። መሲልካ እንታይ
ኣምጻእካ እንድዩ፤ እቲ ህይወትካ
ምልዋጥ ንናትካ ጥቕሚ ምዃኑ
ዝነግር ዘሎ ጽሑፍ ምስ ኣንበበ
ተመሳሳሊ ግብረ-መልሲ ዝህብ
ኣይሰኣንን ይኸውን።

ሓደ ሰብ ኣብ ህይወቱ ናይ
ዝገብሮ እወታዊ ለውጢ ቀዳማይ
ተረባሒ ባዕሉ እዩ። ሕብረተሰብ
ድምር ውጽኢት ውልቀሰብ
እዩ። ሓደ ሰብ ብቑዕ፡ ኣፍራዪን
ውጽኢታዊን እንተ ዀይኑ
ንኸባቢኡ ወይ ነቲ ንሱ ዝርከቦ
ሕብተረሰቡ የዕብዮ። ብኣንጻሩ
ዘይብቑዕ፡ ዘየፍርን ኮንቶን
እንተ ዀይኑ ነቲ ክዓቢ ዝግበኦ
ሕብረተሰብ ብድሕሪት ኰይኑ
ይጐቶ። ብሕና ድሕሪ ናይ ገዛእ-
ነብስና ምዃንና ናይ ሕብተሰብና
ኢና።

ማክዳ ትንሱእ

በላሕቲ እንዲኹም...
እነሆ በሉ ፈተና!

ሐ፡ ሀ፡ ለ፡ መ፡ ሰ። ሀ ቅድሚ ለ ወዲኡ ብሐ ግን ተቐዲሙ፣ ስለዚ ሐ-ሀ-ለ

ቀዳሞት ሰለስተ ኣለዉ። ሰ ደድሕሪ መ ከም ዝወደአን ለ ኸኣ ንመ ከም

ዝቐደሞ ተነጊርና ኢና።

ግድል ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

ሀ፡ ለ፡ ሐ፡ መን ሰን ዝተባህሉ ሓሙሽተ ተመሃሮ ማንጉስ ይበልዑ ነበሩ። ‘ሀ’ ቅድሚ ‘ለ’ በሊዑ ወደአ፣ ን‘ሐ’ ግን ኣይቀደሞን። ‘መ’ ቅድሚ ‘ሰ’ በሊዑ ወደአ፣ ን‘ለ’ ግን ኣይቀደሞን።

መን ቀዲሙ ወዲኡ ብቐደም-ተኸተል ስርዓዮም?

(መልሲ ቅድሚ ምርኣይኩም ፈትኑ!)

ስም መዐቀኒ ኣሃዱ

ማይክል ፈራዳይ

(1791-1867)
እንግሊዛዊ’ዩ። ፋራዳይ ንጀነረተር፡
ሞተርን ትራንስፎርመርን ዝመሃዘ
ህቡብ ስነ ፍልጠተኛ እዩ።

ቻርጅ ዝዓቍር መሳርሒ
“ካፓሲተር” ድሕሪ ምምሃዙ፡
ንመሰረታዊ ኣሃዱ ብስሙ ክኸውን
ተወሲኑ። መሰረታዊ ዓቐን
ካፓሲታንስ ከኣ ፋረድ (F) እዩ።

ስም መዐቀኒ ኣሃዱ

ጆሰፍ ሄንሪ

(1797-1878)
ኣሜሪካዊ ስነ ፍጠተኛ’ዩ።
ንድርኺት ኤለክትሪክሲቲ ብመገዲ
ማግኔት ዘጽንዐ፡ ንተለግራፍን
ኤለክትሪያዊ ደወል ማዕጾን
ዝመሃዘ’ዩ። ኣብ ምትሕልላፍ
ሓበሬታ ዘገልግል ‘ሪለይ’ መጀመርታ
ዝረኸበ’ዩ። “ኢንዳክታንስ” ብሄንሪ
(H) ይዕቀን። ሄንሪ ኸኣ ስም ናይዚ
ዝተጠቕሰ ስነ-ፍልጠተኛ እዩ።

ሓደ ወዲ 32 ዓመት መንእሰይ ናብ ሓደ ኣማኻሪ ሕክምና ከይዱ፤ “ዓባይ ዓባይተይ እናጠበውኩ ጉድ ረኺበ። እንታይ እንተ ገበርኩ ይሕሸኒ?” ክብል ሓተቶ። እቲ ኣማኻሪ ኸኣ፤ “ብዙሕ ኣይትገደሰሉ” በሎ’ሞ ቀጺሉ፤ “መዓልታዊ ኣጻብዕቲ እናቐያየርካ ጥበዎ፡” ክብል መኸሮ። ከምቲ እተባህሎ ክገብር ጀመረ። መዓልታዊ ክጠቡው ክሓስብ እንከሎ ኣየነይቲ ኣጻብዕቱ ከም ዝጠቡው ሓሲቡ ክጠቡው ጀመረ። ነቲ ልምዱ ፋሕ ስለ ዘበሎ ሰሙን ምስ ገበረ ድማ ልማዱ ክሓድጎ ቀለለሉ። እቲ ኣማኻሪ፤ “ሓደ ነገር ልማድ ምስ ኮነ ክትእለየሉ ክብድ ይብል’ዩ። ሓድሽ ኣተሓሳስባ ከነማዕብል ኣብ ዘገድደና እዋን ግን ሓደሽቲ ውሳነታትን ምርጫታትን ክንፈጥር ኣሎና። ሽዑ ልማድና ንምጥፋእ ጻዕሪ ከም ዘየድልየና ክንፈልጥ ኢና፡” በሎ።

ምንጪ፤ Maktub

ዘይፍተወካ ልማድ ምእላይ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 35 ዓመት ቁ.29 4 ጥቅምቲ 2025 - ገጽ 4

ሚኒስትሪ ሕርሻ

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ተኣምራታዊ ገረብ ሞሪንጋ

ፍረ ጻዕሪ

ተኽሊ ሞሪንጋ፡ ናይ ነዊሕ ዓመታት
ታሪኽ ዘሎዎ ተኽሊ’ዩ። ናይ’ዚ ተኽሊ
ጥቕምን ኣገዳስነትን ዝተፈልጠሉ ግና
ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን እዩ። ሞሪንጋ ንመግቢ
ሰብን እንስሳን ክኸውን ዝኽእል ተኽሊ
እዩ። ክሳዕ ሎሚ 14 ዓሌታት ሞሪንጋ
ተለልዮም ኣለዉ። ካብዞም ዝተጠቕሱ
ዓሌታት ድማ ክልተ ዓሌታት ማለት
ኦሊፈራን ስተኖፕቶላን ዝበሃሉ ኣብ
ሃገርና ይርከቡ።

1. ሓፈሻዊ ሓጺር መግለጺ

ካብቶም ኣብ ሃገርና ተኣታትዮም ዘለዉ
ክልተ ዓሌታት ሞሪንጋ፡ ስተኖፕተላ
ዝበሃል ዓሌት መበቈሉ ኣብ ምብራቕ
ኣፍሪቃ ክኸውን ከሎ፡ እቶም ዝተረፉ
13 ዓሌታት ሞሪንጋ ግና ኣብ ሱዳን፡
ግብጺ፡ ወሽመጥ ዓረብን ክሳብ ርሑቕ
ሰሜን ምዉት ባሕርን ተዘርጊሖም
ይርከቡ። ኣብ ዓለም፡ እቲ ኣዝዩ ግኑንን
ተኣምራታዊ ተኽሊ ተባሂሉ ዝጽዋዕን
ሞሪንጋ ኦሊፈራ እዩ። እዚ ተኽሊ’ዚ
ቀልጢፉ ዝዓብይን ኣብ ኩሉ ከባቢ
ቅናታዊ መሬት፡ ደረቕን ሓውሲ ደረቕን
ከባቢታት ተዘርጊሑ ዝርከብ፡ ደርቂ
ዝጻወር ገረብ እዩ። ሞሪንጋ፡ ካብ ጥንቲ
ኣብ መዓላ ወዲ ሰብ ክውዕል ዝጸንሐን
ብዙሕ ረብሓ ዝህብን ገረብ እዩ። እዚ
ተኽሊ’ዚ ብዙሕ ዓይነት ዕቑር ጥቕሚ
ዝህብ ምዃኑ፡ ዝተገብረ መጽናዕትታት
ይሕብሩ።

ንሞሪንጋ ዝሰማማዕ ኩነታት
ገረብ ሞሪንጋ፡ ብራኸ ካብ 0 ክሳዕ
1500 ሜትሮ ካብ ጽፍሒ ባሕሪ
ክሰማምዖ ኸሎ፡ ሙቘት ድማ ካብ 12
ክሳዕ 40 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ይሰማምዖ።
ዝናብ፡ ብውሑዱ 500 ሚሊ-ሜትር ኣብ
ዓመት እንተረኺቡ ጽቡቕ ይፈሪ።

ዓይነት ሓመድ
ብሓፈሻ ሰፊሕ ዝርጋሐ ዘሎዎ
ዓይነት ሓመድ ዝጻወር’ኳ እንተኾነ፡
ብጽቡቕ ዝዘፍፍ ሑጻዊ ወይ ዋላኻዊ
ስቡሕ መሬት ይምረጽ። ካብ ማእከላይ
ክሳዕ ፈኲስ ምረት ምጸት ዘሎዎ ሓመድ
ዝያዳ ይምረጽ። ክሳብ 8.5 ዓቐን
ምረት ምጸት’ውን ዕዉት ዝኾነሉ ቦታ
ኣሎ።

ምሕደራ መደበር ፈልሲ
ፕላስቲክ ከረጺት፡ 18 ሰንቲ ሜተር

(ሰ.ሜ) ቁመት 8 ሰ.ሜ. ሰንጣቒት
ዓቐን ዘሎዎ፡ ብመንጽር ቁጠባዊ ዓይኒ
ተመራጺ እዩ። ሓመድ፡ ሰለስተ ኢድ
ናይ ሕርሻ ሓመድ፡ ሓደ ኢድ ሑጻ፡
ሓደ ኢድ ባህርያዊ ድዅዒ (ዝመሽመሸ
ናይ ጥሪት፡ ባህርያዊ ድዅዒ ወይ ገፈጥ
መፈጥ ተኽሊ) ብምሕዋስ ክንጥቀም
ንኽእል።

ቅድመ-ፍወሳ

ርግጽ ቅድመ-ፍወሳ ብዙሕ ኣድላዪ
ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ተኽሊ ሞሪንጋ

ብቐሊሉ ብዘይ ጸገም ክበቍል ስለ
ዝኽእል። ገለ ደገፍ ክህልዎ ስለ ዘድሊ
ግና ቅድመ-ፍወሳ ከከም ኣድላይነቱ
ካብዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ቅድሚ ምዝርኡ
ክንጥቀም ንኽእል።
• ንሓንቲ ለይቲ ኣብ ማይ ተኣሊኹ
ክዝራእ
• ነቲ ተሪር ግዳማዊ ሽፋን ዘርኢ
ኣንቂዕካ ምዝራእ
• ነቲ ተሪር ግዳማዊ ሽፋን ዘርኢ
ኣሊኻ ነቲ ናይ ውሽጢ ዘርኢ
ምዝራእ

2. ምትካል ወይ ምዝራእ ሞሪንጋ

ምድላው ጉድጓድ

• ዝትከል ቃጽዖ፡ ዓብይ ምስ ዝኸውን
ኣቐዲሙ ይሕረስ፡
• 50 ሰ.ሜ. ዕምቈትን ሰንጣቒትን
ዘሎዎ ጉድጓድ ይኳዓት፡

• እቲ ጉድጓድ 5 ኪሎ ግራም (ኪ.ግ)
ባህርያዊ ድዅዒ ምስ ላዕለዋይ
ክፋል ሓመድ ብምሕዋስ ይምላእ

ኣገባብ ኣተኻኽላ

ኣገባብ ኣተኻኽላ፡ ብፈልሲ ቀሊልን
ልሙድን ክኸውን ከሎ፡ ብቐጥታ
ብምዝራእን ቆሪጽካ ብምትካልን ከኣ
ክባዛሕ ይኽእል። ሓደ መዓልቲ ቅድሚ
ምትካልና፡ እቲ ዝተዳለወ ጉድጓድ ካብ
ዝናብ ማይ እንተዘይረኺቡ ማይ ክሰቲ
ይግባእ።

ኣገባብ ኣተኻኽላ ብፈልሲ

• ፈልሲ ሞሪንጋ ኣብ 6 - 8 ሰሙን
ዕድሚኡ ወይ 30 ሰ.ሜ. ቁመቱ
ምስ በጸሐ፡ ክትከል ተመራጺ
ይኸውን።
• ኣብተን ቀዳሞት ውሑዳት
መዓልትታት፡ ብዙሕ ማይ
እንተዘይሰተየ ይምረጽ።
• ፈልሲ ምስ ተተኽለ፡ ዝወድቕ
እንተኾይኑ ምስ ሽኻል ወይ ቃራና
ኣሲርካ ክድገፍ ይግባእ።

ብቐጥታ ምዝራእ
ኣብ ሰፊሕ፡ መሬት ዝዝራእ እንተ ኾይኑ፡
ጥሉል ወቕቲ ክጅምር ከሎ፡ ብቐጥታ
ክዝራእ ይከኣል። እኹል ናይ መስኖ
ማይ ምስ ዝህሉ ግና ኣብቲ ዝተዳለወ

ጉድጓድ ኣብ ዝኾነ ግዜ ተዘሪኡ ክዓቢ
ይኽእል። እንተኾነ፡ ኣብ እዋን ኣስሓይታ
እንተዘይተተኽለ ይምረጽ።

ኣካል ተኽሊ ቆሪጽካ ምትካል

ዓይነትን ዓቐንን ዝቑረጽ ኣካል ተኽሊ፦
ተሪር ዕንጸይቲ (ቀጠልያ ወይ ልምሉም
ዘይኮነ) 0.5 - 1.5 ሜትሮ ንውሓትን
10 ሰ.ሜ. ርጉድን ዘሎዎ እንተኾነ
ተመራጺ እዩ።

ኣተኻኽልኡ፦ ብቐጥታ ኣብ ግራት
ዝትከል እንተኾይኑ፡ ሲሶ ናይቲ
ቁራጽ ዕንጸይቲ ንውሓት ኣብ መሬት

(ሑጻዊ ሓመድ ይምረጽ) ይትከል።
ኣብ መደበር ፈልሲ ምስ ዝትከል ግና
ምዕባለ ሱር ንምትብባዕ ኣብቲ ሓመድ
ፎስፎረስ ምሕዋስ እንተዘይተረኽበ ግና
ሓሙኹሽቲ ክውሰኽ ይግባእ። ድሕሪ
2 - 3 ወርሒ ከም ኩሉ ፈልሲ ኣብ
ግራት ክትከል ይኽእል።

ምርሕሓቕ ተኽሊ

ኣብ መንጎ ኣትክልቲ ሞሪንጋ ዝህሉ
ምርሕሓቕ ብዕላማን ስፍሓትን መሬት
ዝውሰን እዩ። እኹል ብርሃንን ጸሓይን
ዋሕዚ ኣየርን ንምርግጋጽ መስርዕ
ኣግራብ ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ
ኣንፈት ክትከል ይግባእ።

ቀጽሪ ገዛ (ገደና)፦ ካብ 2 - 4 ሜትሮ
ኣብ መንጎ ተኽሊ፡ ካብ መንደቕ ገዛ
ድማ ሓደ ሜትሮን ልዕሊኡን ርሒቕካ
ይትከል።

ኣብ ግራት፦ ንሰፊሕ ምፍራይ ሞሪንጋ
ኣብ 3 ሜትሮ ኣብ መንጎ ተኽልን
መስመርን ብምርሕሓቕ (3x3ሜ.)
ክትከል ይከኣል። ኣብ ውህደ-ሕርሻ-
ኣግራብ ግና 10 ሜትሮ ኣብ መንጎ
ተኽል መስመርን ብምውህራር ክትከል
ይኽእል። ነቶም ካልኦት ዘራእቲ ድማ
እንተወሓደ ሓደ ሜትሮ ብምውህራር
ኣረሓሒቕካ ክትከል ይኽእል።

3. ክንክን ሞሪንጋ

ምቑራጽ ጫፍ ተኽሊ
ዝተተኽለ ሞሪንጋ 60 ሰ.ሜ. ቁመት
ምስ በጽሐ፡ ብኣጻብዕትኻ፡ ናይ ተኽሊ
መቐስ ወይ በሊሕ ካራ ተጠቒምካ ካብ

ጫፍ ማእከላይ ጉንዲ 10 ሰ.ሜ. ወሪድካ
ትቕንጥቦ ወይ ትቖርጾ። እዚ መስርሕ’ዚ
ነታ ተኽሊ ብዙሕ ጨናፍር ንኸተውጽእ
ይሕግዛ።

• ድሕሪ ሓደ ወርሒ ኣቢሉ ጨንፈር
20 ሰ.ሜ. ቁመት ምስ በጽሐ፡
ካብ ጫፍ ናይቶም ጨናፍር 10
ሰ.ሜ. ውርድ ኢልካ በሊሕ ካራ

ተጠቒምካ ንስያፍ (slanting cut)
ጌርካ ትቖርጾም። ብተመሳሳሊ
ኣገባብ ነቶም ሓደስቲ ጨናፍር
ትቖርጾም።
እዚ መስርሕ ምቑራጽ፡ ኣርባዕተ ግዜ
ምዕምባብ ቅድሚ ምጅማሩ ይካየድ
(ዕድመ ሰለስተ ወርሒ ምስ ገበረ)።
ጥቕሚ ናይዚ ምቑራጽ’ዚ፡ ሓንቲ
ተኽሊ ድልዱል ጸዋሪ ኣካል ምስ ብዙሕ
ጨናፍር ክህልዋ፡ ብቐሊሉ ኽቕንጠብ
ዝኽእል ብዙሕ ቆጽልን ለቖታ ዘርእን
ከተፍሪ የኽእላ።

ምስታይ ማይ

ሞሪንጋ ደርቂ ዝጻወር ብዙሕ ማይ
ዘየድልዮ’ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ኣዝዩ ድሩቕ
ኩነታት፡ ኣብተን ቀዳሞት ክልተ ኣዋርሕ
ብቐጻሊ ማይ ክሰትይ ኣለዎ። ብድሕሪኡ
ግን ክጸምእ ከሎ ጥራይ ይሰቲ። እኹል
ዝኾነ ምህርቲ ክህሉ እንተ ኾይኑ ድማ
እኹል ማይ ክረክብ ይግባእ። ፎስፎረስ
(ሓሙኽሽቲ) ንዕቤት ሱር፡ ናይትሮጅን
ድማ ንዕቤት ቆጽሊ ንምትብባዕ ክግበረሉ
ይግባእ።

ባልዓትን ሕማማትን

ብሓፈሻ ባልዓት ዝጻወር’ኳ እንተኾነ
ካብቶም ዝርኣዩ ገለ ጸገማት ግና፡

• ኣብ ኣዝዩ ጀቕጀቕ ኩነታት ዲፕሎይዳ
ወይ ምምሽማሽ ሱር ክፍጠር ይኽእል፡
መከላኸሊ፡ ኣብ ኣዝዩ ጥሉል ኩነታት
ፈልስታት ኣብ ነግሒ ክትከሉ ይኽእሉ።
• ምብላዕ ብጥሪትን ሓሰማን፡
መከላኸሊ-ተኽሊ ሓጹር ከም ጃትሮፋ፡
ካርካስ፡ ጻዕዳ ቀንጠብ ወዘተ ዝኣመሰሉ
ምትካል።
- ናይ ዝኣኸሉ ኣግራብ ታሕተዋይ
ጨንፈር ምቑራጽ
• ናይ ፍልሖ ጸገም ብፍላይ ቆሪጽካ
ንዝትከል፡
መከላኸሊ፡- ቆጽሊ ጉልዒ ከም ጉዝጓዝ
ምጥቃም
- ኣብ ከባቢ እግሪ ተኽሊ ሓሙኽሽቲ
ምኹማር ወይ ምንስናስ።

ምእካብ (ምሕፋስ) ምህርቲ

ንመግቢ ሰብ ዝውዕል ምህርቲ ክንእክብ
ከለና እቲ ለቖታ ዘርኢ ገና ውልዶ
(ጭልጋዕ) ከሎ፡ እቲ ለቖታ (1ሰ.ሜ.
ዝኸውን ዝሰንጣቒጡ) ይእከብ። እቲ
ዝዓበየ ግና ተሪር ግዳማዊ ኣካል እንተ
ኣማዕበለ’ኳ፡ እቶም ጸዓዱ ዘርኢ ክሳብ
መስርሕ ምብሳል ዝጅመሩ ክብልዑ
ይኽእሉ። ንምእካብ ዘርኢ ወይ ንመዓላ
ዘይቲ ዝውዕል እንተኾይኑ፡ ለቖታ ዘርኢ
ኣብ ገረብ ከሎ ክሳብ ዝነቅጽን ቡናዊ
ሕብሪ ዝሕዝን ምጽባይ የድሊ። ቅድሚ
ለቖታ ተሰንጢቑ ዘርኢ ናብ መሬት
ምውዳቑ ተኣርዩ ኣብ ንፋስ ከእቱ
ዝኽእል ክሻ ይእከብ። ኣብ ድሩቕ ጽላል
ዘሎዎ ቦታ ድማ ይኽዘን።

. . . ይቕጽል
መወከሲ ጽሑፍ፦
ተኣምራታዊ ገረብ ሞሪንጋ

መኣዛ ፍረ ጻዕሪ

ቆጽሊ ሞሪንጋ ምስ ዱባ

• 1 ኺሎ ዱባ
• 1 ዕብይ ዝበለ ግዝፊ ዘሎዎ
ሽጉርቲ
• 1/4 ኩባያ ዘይቲ
• 1 ዓቢ ጭልፋ ዝተቐጥቀጠ
ኮመደረ
• 1 ማንካ ጣውላ ዝተቐጥቀጠ
ሽጉርቲ ጻዕዳ

ኣገባብ ኣሰራርሓ

መጀመርታ፡ ሽጉርቲ ኣድቂቕና ንመትሮ’ሞ፡ ብዘይቲ ንቑሩብ ግዜ ንቐልዎ። ዝተቐጥቀጠ ኮመደረን ዝተመትረ ዱባን ወሲኽና ንሓዋውሶ። ብድሕር’ዚ ብስል ምስ በለ፡ ዝበሰለ ሞሪንጋ ኣብ ልዕሊኡ ወሲኽና ነወሃህዶ። ምብሳሉ ምስ ኣረጋገጽና፡ ዝተቐጥቀጠ ሽጉርቲ ጻዕዳ፡ ሰዴኖ፡ ጨውን ጉዕ በርበረን ኣእቲና ኣወሃሂድና ነውርዶ። ህድእ ምስ በለ ድማ ንመግቢ ንቕርቦ።

• 5 ኩባያ በሲሉ ዝተቐጥቀጠ
ሞሪንጋ
• 2 ማንካ ጣውላ ዝተቐጥቀጠ
ሰዴኖ ፐርሰሚሎ
• 2 ጉዕ በርበረ
• ጨው ከም ኣድላይነቱ

መወከሲ ጽሑፍ፦ ተኣምራታዊ ገረብ ሞሪንጋ

ቀዳማይ ክፋል

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/08371501- ቁ.ሳ.ፖ 1048 (ለይ-ኣውት- ፋጥማ እስማዒል/ ሶፍያ ፍቓዱ)

ሕርሻን

መግብን

ሓዳስ ኤርትራ መበል 35 ዓመት ቁ.29 4 ጥቅምቲ 2025 - ገጽ 5

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ’ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሕቶ ሸባብ ሸባብ” እምበኣር ንገለ ካብ’ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

ደዋሊት፥ ሄሎው ኣገልግሎት
ምኽሪ ድዩ?
ኣማኻሪ፥ ልክዕ ኣለኺ ኣገልግሎት
ምኽሪ ብተሌፎን’ዩ መን ክብል?
ደዋሊት፥ ሓበን እበሃል ካብ
ኣስመራ’የ።
ኣማኻሪ፥ ሓበን ተመሃሪት ዲኺ
ወይስ ሰራሕተኛ?
ደዋሊት፥ በዓልቲ ሓዳርን ኣደ 2
ቆልዑን እየ።
ኣማኻሪ፥ ሕራይ ሓበን ምኽንያት
መደወሊኺ እንታይ እዩ?
ደዋሊት፥ ኣነ ብዛዕባ እዚ ሕማም
ብሩሴላ ዝበሃል ገለ ክትብለኒ እየ
ደልየ።
ኣማኻሪ፥ ከመይ? ማለተይ ካብ
ኩሎም ሕማማት ብዛዕባ ሕማም
ብሩሴላ ክትፈልጢ ዘገደደኪ
ምኽንያትዶ ምገለጽክለይ? ንእግረ
መንገድና ግና ሕማም ብሩሴላ
ብሕክምናዊ ቋንቋ ኮይኑ ብቛንቋ
ትግርኛ ‘ሕማም ምቝላዕ’ እዩ
ዝበሃል።
ደዋሊት፥ ሕማም ምቝላዕ ዲኻ
ዝበልካ? ጥንሲ ይሰድድ ድዩ? ጌጋ
ደኣ ይኽልኣለይ እምበር ምቝላዕ
ዝበሃል ቃል ንዝበርዓነ ጥንሲ
እንጥቀመሉ ኮይኑ ተሰሚዑኒ፣ ሓቀይ
ድየ?
ኣማኻሪ፥ ጽቡቕ ኣለኺ። ኣብ
ሕብረተሰብና ኣብ ጥሪት ጥንሲ እንተ
በርዒኑ ‘ቆሊዑ’ ብምባል ክሰምይዎ
ንሰምዕ ኢና። እዚ ሕማም ብሩሴላ፡
ምቝላዕ ዝተባህለሉ ምኽንያት’ውን
ካብዚ ዝብገስ እዩ። ካብ እንስሳታት
ናብ ሰብ ዝሓልፍ ሕማም ብምዃኑ፡
ኣብተን ጥሪት ብብዝሒ ጥንሲ ናይ
ምብርዓን ተርእዮ ኣለዎ። በዚ ድማ’ዩ
ሕማም ምቝላዕ ዝተባህለ። ኣብ ነብሰ
ጾራት ናይ ግድን ጥንሲ የበርዕን ግና
ኣይንብልን። ብግቡእ እንተ ተፈዊሱ
ከም ካልእ ሰብ ክድሕና ይኽእላ
እየን። እዚ ሕማም ከይተሓከመ
ግዜ እንተ ወሲዱ ግና በቲ ዝፍጠር
ሓልክታት ጥንሲ ክብርዕን ይኽእል
እዩ።
ደዋሊት፥ ብዛዕባ እዚ ሕማም
ንኽፈልጥ ዘገደደኒ ምኽንያት ዓቢ
ሓወይ በዚ ሕማም ‘ተጠቒዕካ’
ተባሂሉ ሆስፒታል ደቂሱ ክሕከም
ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብዚ ቀረባ
መዓልታት ካብ ሆስፒታል ወጺኡ።
መድሃኒቱ’ውን ገና ኣይወደአን
ኣሎ። ብዛዕባ እዚ ሕማም ብዙሕ
ኣፍልጦ’ኳ እንተ ዘይብለይ፡
ብዘይፈልሐ ጸባ ከም ዝመሓላለፍ
ሓበሬታ ኣለኒ። ጸባ ዘይሰቲ ብምዃኑ
‘ከመይ ኢሉ ክሓምም ክኢሉ?’
ዝብል ሕቶ እናተመላለሰ ድቃስ
ከሊኡኒ። ንገዛና ‘ብኸመይ ክሓምም
ክኢሉ?’ ኢለ ሓቲተ’ኳ እንተ ነበርኩ
ዘዕግብ መልሲ ግና ኣይረኸብኩን’ሞ
መባእታዊ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ
ሕማም ገለ ክትብለኒ ደልየ። ብቐንዱ

ድማ ደቀይ ናእሽቱ ብምዃኖም
ብቐጻሊ’የ ጸባ ዝቕርበሎም። ሎሚ’ኳ
ሰኣን ሓበሬታ እዩ ሰብ ኣብ ጸገም
ዝወድቕ ዘሎ። ደቀይን ነብሰይን ከኣ
ክጥንቀቕ ወደይ።
ኣማኻሪ፥ ሓበን ጥዕናኽን ጥዕና
ደቅኽን ንምውሓስ ኣቐዲምኪ ምኽሪ
ደሊኺ ብምድዋልኪ ከየመስገንኩኺ
ክሓልፍ ኣይደልን። ከምቲ ኣቐዲመ
ትንክፍ ኣቢለልኪ ዝጸናሕኩ ሕማም

ምቝላዕ (ብሩሴላ) ናይ እንስሳታት
ሕማም ኮይኑ፡ ሓደ ካብቶም ካብ
እንስሳታት ናብ ሰብ ዝመሓላለፉ
ሕማማት’ዩ። እዚ ሕማም ብዝተፈላለዩ
ዓሌታት ናይ ባክተሪያ ዝመጽእ
ኮይኑ፡ ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመን ጾታን
ንዝርከቡ ሰባት ዘጥቅዕ’ዩ። ምስ በዚ
ሕማም ዝተጠቕዑ እንስሳታትን
ውጽኢቶምን ብቐጥታ ይኹን
ብተዘዋዋሪ ርክብ ምስ ዝህልወና
ክመሓላለፍ ይኽእል። እዚ ማለት
ዘይፈልሐ ጸባ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብግቡእ
ዘይፈልሐ ጸባን ውጽኢቱን፡ ብግቡእ
ዘይበሰለ ስጋ፡ ነዞም ንብሩሴላ

(ምቝላዕ) ዘምጽኡ ታህዋስያን ኣብ
ኣየር ጸኒሖም ናብ ውሽጥና ምስ
ዝኣትዉ፡ በዚ ሕማም ክንተሓዝ
ንኽእል። ሽሕ’ኳ ምስ እንስሳታት
ርክብ ኣብ ዘለዎም ብብዝሒ ዝረአ
እንተኾነ፡ ነቶም እንሳሳታት ኣብ
ቤትና ዘይብልና ክረኽበና ኣይክእልን
ግና ኣይንብልን። ምኽንያቱ
ተጠቀምቲ ውጽኢቶም ክሳብ ዝኾንና
እቲ ሕማም ከጥቅዓና ከም ዝኽእል
ክንዝንግዕ የብልናን።
ደዋሊት፥ ብግቡእ ዘይፈልሐ
ክትብል ከለኻ ከመይ ማለት’ዩ?
ኣማኻሪ፥ ጸባ ኣብ እነፍልሓሉ

እዋን ንላዕሊ ናይ ምግንፋል ባህሪ ስለ
ዘለዎ ከይፈሰና ብምባል ቀልጢፍና
ከነውርዶ ንርአ ኢና። እዞም
ታህዋስያን ብቐሊሉ ስለ ዘይሞቱ፡
ጽቡቕ ገይርና ደጋጊምና ከነፍልሖ
ይግባእ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ እንገዝኦ
ጸባ ውሕስነቱ ዝተረጋገጸ ክኸውን
ኣለዎ። ምኽንያቱ ካብ ፋብሪካ ጸባ
እንረኽቦ ጸባ ግቡእ መስርሕ ሓሊፉ
ንጥዕና ውሑስ ብዝኾነ ኣገባብ
ስለ ዝቐርብ ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን።
እንታይ ደኣ እንተ ተባህለ ገለ ገለ
ካብ ውልቃውያን ነጋዶ እንረኽቦ
ጸባ ግና ውሕስነቱ ከነረጋግጽ ስለ
ዘይንኽእል ክንጥንቀቕ ይግባእ። ስጋ
ኣብ እንምገበሉ እዋን ድማ ብግቡእ
ዝበሰለ ክኸውን ኣለዎ እንተ ዘይኮይኑ
በዚ’ውን ክሓልፈና ይኽእል እዩ።
ደዋሊት፥ ዝኾነ ሰብ በዚ ሕማም
ምስ ዝጥቃዕ እንታይ ዓይነት
ምልክታት እዩ ዝረኣዮ?
ኣማኻሪ፥ ቅድሚ ምልክታት ናይዚ
ሕማም ምርኣይና ሓደ ሰብ ካብ
ዝተለኽፈ እንስሳ ጸባ ይኹን ስጋ

ወይ’ውን ምስቲ እንስሳ ቀጥታዊ
ይኹን ተዘዋዋሪ ርክብ ምስ ዝህልወና
(እዚ ማለት ኣብ ከም ሓረስቶት
ከዋልድወን፡ ጽሬተን ክሕልዉ
ቀልቀለን ክጸርጉ፡ ቍስሊ ወጺእወን
ክሕክምወን፡ ኮታስ ተራ ምትንካፍ
ዘይኮነ ምስዘን ጥሪት ጥቡቕ ዝኾነ
ርክብ ዘለዎም) ካብታ ዝተጠቓዕናላ
ግዜ ምልክታት ክሳብ ዝጅምር
ብገምጋም 2 ሰሙን ክንብል ንኽእል
እምበር፡ ካብ 5 መዓልታት ክሳብ
ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል እዩ። በዚ
ሕማም ዝተጠቕዐ ሰብ ዘርእዮም
ምልክታት ድማ ከም ረስኒ፡ ቁሪ
ቁሪ ምባል፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ተምላስ፡
ምጉዳል ሚዛን ሰብነት፡ ቀሓር፡ ቃንዛ
መለጋግቦታትን ጭዋዳን፡ ሕቖ፡
ምልክታት ረኽሲ ሽንቲ ከምኡ’ውን
ከይተሓከመ ግዜ ምስ ዝወስድ ክቱር
ድኻም፡ ረሃጽ፡ ቅዛነት፡ ድቃስ ምስኣን፡
ድርቀት፡ ቀጨው ጨው ምባልን
ዕቤት ላልሽን ጸላም ከብድን ክረኣዩ
ይኽእሉ።
ደዋሊት፥ እሞ እዚ ደኣ ዘይትንክፎ

ክፋል ኣካል የለን ማለት’ዩ።
መመርመሪኸ ብቐሊሉ ክርከቦ
ይኽእል ድዩ? ንምዃኑ እዚ ሕማም
ካብ ቀደም ድዩ ነይሩ ወይስ ከም
ኮሮና ቫይረስ ሕጂ ዝመጸ ሓድሽ
ሕማም እዩ?
ኣማኻሪ፥ ሕማም ብሩሴላ ካብ ቀደም
ዝነበረ ኮይኑ፡ ሕክምናዊ መሳርሒታት
ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት
ድሩት ብምንባሩ፡ ንኽፍለጥ ብዙሕ
ኮለል ዝሓትትን ሰብ ኣብ ብቐረባኡ
ዝርከባ ትካላት ጥዕና ንኽሕከም
ሕጽረታት ነይሩ ክበሃል ይከኣል።
ኣብዚ እዋን’ዚ ግና ብፍላይ ኣብ
ሃገርና ምስ ምስፋሕ ትካላት ጥዕናን
ዝህብዎም ኣገልግሎታትን ብዓቢኡ
ኣብ ምዕባይ ሞያውያን ክኢላታት
ዝግበር ዘሎ ወፍሪ፡ ተገልገልቲ ኣብ
ብቐረባኦም ዝርከባ ትካላት ጥዕና
ከይዶም ንኽምርመሩን እዚ ሕማም
ንኽፍለጥን ናይ ሰዓታት ሕቶ
ጥራይ’ዩ።
ደዋሊት፥ ክፍወስ ከም ዝኽእል’ኳ
ብቐረባ ናይ ሓወይ ተመኵሮ ስለ
ዘሎ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ክንከላኸሎ
ንኽእልዶ?
ኣማኻሪ፥ ብርግጽ ክንከላኸሎ
ይከኣል እዩ። እቲ ጠንቂ ብዘይፈልሐ
ጸባን ውጽኢቱን፡ ስጋ፡ ከምኡ’ውን
ምስ እንስሳታት ዘለና ርክብ ካብ
በልናዮ፡ ንእንምገቦም እንስሳታትን
ውጽኢቶምን ብግቡእ ዝበሰሉን ካብ
ውሕስነቶም ዝተረጋገጸ ትካላት
ምግዛእ። ብዓቢኡ ድማ ኣብ ሚኒስትሪ
ሕርሻ ብምኻድ ንዘለዉና ጥሪት
ከነኽትብ ይግባእ። እዚ ምስ እንገብር
ኣገባብ ምምሕልላፍ ናይዚ ሕማም
ክንበትኽ ንኽእል ኢና። ኣቐዲምኪ
ንደቀይ ጸባ ስለ ዝቕርበሎም ክጥንቀቕ
ኢልኪ ነይርኪ፣ እቲ ጸገም ጸባ
ምቕራብ ዘይኮነ ካበይ ትገዝእዮ እዩ
እቲ ሕቶ። እትገዝእዮ ጸባ ውሕስነት
ዘለዎ እንተ ኾይኑ እሞ ድማ ብግቡእ
ምስ እተፍልሕዮ ጸገም የብሉን።
ብፍላይ ንህጻናት እንቕርበሎም
ጸባ ተጠንቂቕና ክንህቦም ይግባእ።
ንሕማም ብሩሴላ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጸባ
ተነቃፊ ከም ምዃኑ መጠን ንኻልእ
ሕማም ከይቃልዑ ብግቡእ ኣፍሊሕና
ደቅና ክንምግብ ይግባእ።
ደዋሊት፥ ሕቶ ኣብዚሓ ደኣ
ኣይትበለኒ እምበር እዚ ሕማም
ቀታሊ ድዩ?
ኣማኻሪ፥ ሽሕ’ኳ እዚ ሕማም
ክፍወስ ዝኽእል እንተኾነ ንምፍዋሱ
ምስ እንድንጒ ኣብ ውሑዳት ደኣ
ይኹን እምበር፡ ኣብ 5% ካብቶም
በዚ ሕማም ዝጥቅዑ ምስ ጸገማት
ልቢ ብዝተኣሳሰር ሞት ከጋጥም
ተኽእሎ ኣሎ።
ደዋሊት፥ ዋይ፣ በሊ ሎምስ ብዙሕ
ሓበሬታ ኢኻ ሂብካኒ። የቐንየለይ፡
ብልቢ’የ ዘመስግነካ።
ኣማኻሪ፥ ገንዘብኪ። ብሩኽ
መዓልቲ።

ሕማም ምቝላዕ (ብሩሴላ) ከመይ’ዩ?

ሸባብ

ሃማ መ ተኤ

ሕቶ ሸባብ

ኣብ ሓዳሮም፡ 60 ዓመት ዝገበሩ
ሰብኣይን ሰበይትን ነበሩ። ኣብቲ
60 ዓመት ዕድመ ሓዳሮም፡ ኵሉ
ነገር ተወሃሂቦም። ብዛዕባ ኵሉ ነገር
ኣዕሊሎም፣ ኣብ መንጎኦም ምስጢር
ዝብሃል ኣይነበረን፣ ብዘይካ ሓንቲ
ናይ ጫማ ባኮ። እታ ሰበይቲ፡ ኣብ
ልዕሊ ኣርማድዮኦም እተቐምጣ
ሓንቲ ናይ ጫማ ባኮ ነበረታ። ነታ
ባኮ ከይከፍታን ብዛዕባኣ ከይሓትትን
ንሰብኣያ ቃል ኣእትያቶ ነበረት።
እቲ ዅሉ ዝሓለፈ ዓመታት፡ እቲ
ሰብኣይ ቃሉ ሓልዩ ነታ ባኮ ከፊቱ
ርእዩዋ ኣይፈልጥን፣ ብዛዕባኣ’ውን
ሓቲቱ ኣይፈልጥን። ሓደ መዓልቲ
እታ ሰበይቲ ብጽኑዕ ሓመመት፣
ከም ዘይትሓዊ’ውን ብሓኪም

ሱራፌል ተ. ምስጢር እተን ባምቡላታት

ተነግራ። እቲ ሰብኣይ ጕዳይ ዋኒኖም
እናጻፈፈ እንከሎ፡ ነታ ባኮ ረኣያ።
ካብ ዝነበረቶ ኣውሪዱ፡ ኣብ ዓራት
ተጋዲማ ንዝነበረት ሰበይቱ ብምሃብ፡
ኣብ ጐድና ኮፍ በለ። እታ ሰበይቲ፡
‘ሕጂ፡ ምስጢር እዛ ባኮ ዝፈልጠሉ
ግዜ ኣኺሉ’ዩ፡’ ኢላ ብምሕሳብ ከፊቱ
ክርእያ ፈቐደትሉ። ክልተ ብፈትሊ
ዝተኣልማ ባምቡላን 95,000 ዝኣክል
ሰልድን ጸንሖ።
“ኣቲ እንታይ ድኣሉ’ዚ?” ብምባል
ተገሪሙ ሓተታ።
“ክንምርዖ እንከለና፡” በለት ሰበይቱ፣
“ዓባየይ ምስጢር ቈዮቛ ዘይብሉ
ሕጉስ ሓዳር ኣዕሊላትኒ ነበረት።
ብኣኻ ኣብ ዝሓረቀሉ ግዜ፡ ብፈትሊ
ገይረ ባምቡላ ክኣልም ክጅምርን

ምሳኻ ክዛረብ ከም ዘይብለይን
ነጊራትኒ። ከምኡ ድማ እገብር ነይረ፡
” ክትብል ምስጢር እተን ባምቡላ
ገለጸትሉ።
እቲ ሰብኣይ ብዘረባ ሰበይቱ
ተተንከፈ። ነተን ኣብቲ ባኮ ዝነበራ
ክልተ ምልኩዓት ዝበለን ባምቡላ
ርእዩ፡ ‘ኣብዚ ዅሉ ዓመታት ክልተ
ግዜ ጥራይ ኣሕሪቐያ፣ ከመይ
ዝበለ ፍቕሪ ዲና ኣሕሊፍና፡’ ኢሉ
ብምሕሳብ ብሓጐስ ክትኰስ ደለየ።
“ክብረተይ፡ ምስጢር እዘን ባምቡላስ
ነጊርክኒ፣ እዚ ዅሉ ሰልዲኸ?” ክብል
ሓተታ።
“ኣሃ እዚ ሰልዲ ደኣ ከምዚአን
ባምቡላ ሸይጠ ዝኣከብኩዎ’ዩ።”

Inspirationalshortstories.com

ልቦና ኣነቓቓሒ ዛንታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረአምላኽ - ሰምራዊት ሞለስ

VACANCY Notice No. 2025/03

The United Nations Children's Fund (UNICEF) in Eritrea is inviting applications from suitably qualified applicants for the post of **Education Officer, NOA,# 132739, Asmara-Eritrea.**
TYPE OF APPOINTMENT: **Temporary Appointment**
DURATION: **364days**

UNICEF works in some of the world's toughest places, to reach the world's most disadvantaged children. To save their lives. To defend their rights. To help them fulfil their potential. Across 190 countries and territories, we work for every child, everywhere, every day, to build a better world for everyone. **And we never give up!**
For every child, Education!

The Education Programme aims to strengthen Eritrea's education system through improved assessment, planning, data use, and resource management. It promotes safe, inclusive, and supportive learning environments, with cross-sector collaboration in WASH, school health, nutrition, and child protection. Key priorities include inclusive and girls' education, mental health and psychosocial support (MHPSS), and youth engagement. The programme aligns with national policies and global frameworks (CRC, SDGs 4 & 5), contributing to UNICEF's 2022–2026 Country Programme and the UN Cooperation Framework. Implementation is supported by strong leadership. The post incumbent assists in the zoba level planning, implementation and monitoring of education projects. The incumbent reports to the Education Specialist (NOC).

Key functions/Accountabilities:

Support to programme development and planning

- Research and analyze regional and national political, health, social and economic development trends. Collect, analyze, verify, and synthesize information to facilitate programme development, design and preparation.
- Support the preparation of technical reports and provide inputs for programme preparation and documentation ensuring accuracy, timeliness and relevancy of information.
- Contribute to the development/establishment of sectoral programme goals, objectives, strategies, and results-based planning through research, collection, analysis and reporting of education and other related information for development planning and priority and goal setting.
- Provide technical and administrative support throughout all stages of programming processes by executing and administering a variety of technical programme transactions, preparing materials and documentation, and complying with organizational processes and management systems, to support programme planning, results-based planning (RBM) and monitoring and evaluation of results.
- Prepare the required documentation and materials to facilitate the programme review and approval process.

Programme management, monitoring and delivery of results

- Work closely and collaboratively with internal colleagues and partners to collect, analyze and share information on implementation issues.
- Suggest solutions on routine programme implementation and submit reports to alert appropriate officials and stakeholders for higher-level intervention and/or decisions. Keep record of reports and assessments for easy reference and/or to capture and institutionalize lessons learned.
- Participate in monitoring and evaluation exercises, programme reviews and annual sectoral reviews with government and other counterparts and prepare minutes/ reports on results for follow up action by higher management and other stakeholders.
- Monitor and report on the use of sectoral programme resources (financial, administrative and other assets), verify compliance with approved allocation, organizational rules, regulations/procedures and donor commitments, standards of accountability and integrity. Report on issues identified to ensure timely resolution by management/stakeholders. Follow up on unresolved issues to ensure resolution.
- Prepare draft inputs for programme/donor reporting.

Technical and operational support to programme implementation

- Undertake field visits and surveys and share information with stakeholders to assess progress and refer to relevant officials for resolution. Report on critical issues, bottlenecks and potential problems for timely action to achieve results.
- Provide technical and operational support to government counterparts, NGO partners, UN system partners and other country office partners/ donors on the application and understanding of UNICEF policies, strategies, processes and best practices on water, sanitation, hygiene and related issues to support programme implementation, operations and delivery of results.

Networking and partnership building

- Build and sustain effective close working partnerships with government counterparts and national stakeholders through active sharing of information and knowledge to facilitate programme implementation and build capacity of stakeholders to achieve and sustain results on education programmes.
- Draft communication and information materials for CO programme advocacy to promote awareness, establish partnerships and alliances, and support fund raising for education programmes.
- Build and sustain effective close working partnerships with government counterparts and national stakeholders through active sharing of information and knowledge to facilitate program implementation and build capacity of stakeholders to achieve and sustain results on education programs.

Innovation, knowledge management and capacity building

- Contribute to identifying, capturing, synthesizing, and sharing lessons learned for knowledge development and capacity development of stakeholders.
- Apply innovative approaches and promote good practices to support the implementation and delivery of concrete and sustainable programme results.
- Research, benchmark and report on best and cutting-edge practices for development planning of knowledge products and systems.
- Participate as a resource person in capacity building initiatives to enhance the competencies of clients and stakeholders.

Other duties as assigned

To qualify as a champion for every child you will have:

Minimum requirements:

Education: a university degree in one of the following fields is required: education, psychology, sociology, or another relevant technical field.

Experience: a minimum of one year of professional experience in programme planning, management, and/or research in education is required.

Language: Fluency in English and the local language is required. Knowledge of another official UN language (Arabic, Chinese, French, Russian or Spanish) or a local language is an asset.

UNICEF's Core values

- Care, Respect, Integ

Continued on page 7

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረአምላኽ - ሳምራዊት መለስ

VACANCY ANNOUNCEMENT

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC) is inviting applicants for the following position for Asmara project sites.

Position: Accountant
Department: Finance
Number Required: 01
Contract Type: Definite (Six Month)
Place of Work: Emba Derho Site

Major Duties and Responsibilities

- **Financial Reporting:** Led full-cycle preparation of accounting statements; streamlined reconciliation procedures to guarantee statement accuracy.
- **Risk Control:** Enforced disciplined settlement standards; established a dynamic tracking mechanism for receivables & payables.
- **Accounting System Maintenance:** Coordinated chart-of-accounts mapping and bookkeeping; built a standardized accounting framework.
- **Statutory Compliance:** Systematically implemented the Accounting Law and CAS, ensuring full compliance of business processes.
- And other instruction given by line Manager/ immediate supervisor.

Qualification and Other Skills

Formal Education, Certifications or Equivalents	❖ Minimum Diploma in accounting or Related Field.
Working Experience – Nature & Length	❖ Two - five years' experience in a similar role.
Leadership Experience – Nature & length of time	❖ N/A
Other skills and abilities	❖ Knowledge of computers and information systems. ❖ Effective spoken and written communication. ❖ Attention to details, deliver results according to company procedure and solution oriented. ❖ Team player

General Information and Other Requirement

- Place of Work: Asmara Project Sites (Emba Derho)
- Salary: As per Company salary scale

Additional Requirement for Nationals:

- Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
- Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application; 05 days from the date of publication on the newspapers

Address: Please mail your application to;
Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD (ESMC)
P.O. Box. 4832 Asmara, Eritrea

Required to send a copy of their application to the following address
Mineral Resources Management, Department of Mines
P.O. Box. 272
Asmara, Eritrea

Note to non-Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment permits Affairs,
P.O Box 7940 Asmara, Eritrea

Continued from page 6

UNICEF's Core Competencies

Demonstrates Self Awareness and Ethical Awareness (1); Works Collaboratively with others (1); Builds and Maintains Partnerships (1); Innovates and Embraces Change (1); Thinks and Acts Strategically (1); Drive to achieve impactful results (1); Manages ambiguity and complexity (1)

UNICEF is committed to diversity and inclusion within its workforce, and encourages all candidates, irrespective of gender, nationality, religious and ethnic backgrounds, including persons with disabilities, to apply to become a part of the organization.

UNICEF has a zero-tolerance policy on conduct that is incompatible with the aims and objectives of the United Nations and UNICEF, including sexual exploitation and abuse, sexual harassment, abuse of authority and discrimination. UNICEF also adheres to strict child safeguarding principles. All selected candidates will, therefore, undergo rigorous reference and background checks, and will be expected to adhere to these standards and principles.

People with disabilities are highly encouraged!

CANDIDATES SHOULD PROVIDE EVIDENCE OF COMPLETION/EXEMPTION FROM NATIONAL SERVICE. PLEASE NOTE THAT COMPLETION/ EXEMPTION OF NATIONAL SERVICE IS A REQUIREMENT. COPY OF CARD/EXEMPTION MUST BE ATTACHED. APPLICATIONS WITHOUT THIS REQUIREMENT WILL NOT BE CONSIDERED.

A more detailed version of the vacancy announcement is available on the online platform

Candidates should submit their application by following the below link:

https://surl.lu/djepsj

In the online application, candidates should complete the online P11, upload their recent CV, highest academic qualifications, evidence of national service Completion and other relevant qualifications.

Closing date of Application: 07 days from the date of advertisement

Remarks: Only qualified candidates will be shortlisted and advance to the next step.

Please note that UNICEF is a smoke-free environment.

Applicants interested in the position mentioned above can also visit the UNICEF Office, located at Hday Street, just before Asmara Palace Hotel, to submit their applications online.

ብሄም ኣብርሃም ንብረአምላኽ ተወልደብርሃን ዝዘመገበቡ ብቁፍዋኒን ASL00032665 ዝሽክ ኣበ ዞባ ማእከል ንዞባ ማእከጣ ጎደና ማእዋ ቁ.ዝ 58 ዝርከብ ናይ ናውቲ ሆጃን ሕርሻን መሻጠ. (ፈራሚንታ) ትካላይ ንወ/ሮ ኣልጋሽ ሰዒም ደሞዙ ኣድራጎ ዞባ ማእከል ንዞባ ኣከርያ ጎደና ዓደምንር ቁ.ዝ – ካብ ዕስት 01/09/2025 ክሳብ ዕስት 31/12/2028 ኣከርዮ ሰለ ዘለኽ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕስት ኣብ ወሻጠ. ሰዓስ መጻልቲ ስልጣን ንዘለዎ በት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፣ እንተዘይቀረበ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዝለለ ተቑጺሩ እቲ ናይ ክራይ ወሰል ሕጋዊ ምዝዛ ከምዝክኣመሉ ነፍልጡ።

ኣብርሃም ንብረአምላኽ ተወልደብርሃን



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

መበል 35 ዓመት ቁ.29 4 ጥቅምቲ 2025 - ገጽ 8

“ኣንታ ኣነኳ ዘረባኻ ሓደ ሓደ ግዜ ይድንጽወኒ
እዩ? ዶምበርከ ዕድመኻ 12 ተመሃራይ ሻድሻይ
ክፍሊ ኢኻ? ኣዘራርባኻ ካብ መጠን ንላዕሊ እዩ
ዘገርመኒ፡” ሰመረ ናይ ልቡ ተገረመ።
“ባባ እንታይ ይብል መስለካ፡ ‘ዘንብብ ዝዛረቦ
ኣይስእንን’ እዩ ዝብል። መጻሕፍቲ ምንባብ ክፈቱ
መዓት እየ። ስለ ዘንብብ ድማ’የ ምስ ዕብይ ዝበሉ
ሰባት ብዘይ ጸገም ዝረዳዳእ፡”
“ኣየ ኢንጅነር ዓርከይ በልስከ ካብ በልካስ
ንኺድ፡ ገዛኹም ድማ እላለዮ፡” ተኸዲንዎ ዝነበረ
ክዳን መርመሮ። ዘይጽፉፍ ክዳን ዘይተመሸጠ
ጸጒሪ ርእሲ ስለ ዝነበሮ ተሰከፈ።
እናዕለሉ፡ ተመራሪሖም ናብ ገዛ እንዳ ሳይሞን
ከዱ። ኣብ ካንሸሎ ጓል ሓትንኡ ንሳይሞን ስለ
ዝጸንሐት፡
“እዚ፡ ኢንጅነር ሰመረ ይበሃል። ዓርከይ እዩ
ሰላም በልዮ። እዚኣ ድማ
ሓብትና እያ ኣብርሀት
ትበሃል። ዊንታን
ሳምራዊትን’ከ ኣበይ ኣለዋ፡”
“ኣቐድም ኣቢለን
ደቂሰን፡” ኣብርሀት ካንሸሎ
እናወገነት መለሰት።
ሳይሞን፡ መሪሕዎ ናብ
ሳሎን ኣተወ። ንሰመረ
ኮፍ ንኽብል ሓቢሩ ናብ
ፍርጅ ከደ፡ ፍርጅ እናኸፈተ ከኣ፡
“ዊስኪ ወይ ቢራ ኣይብለካን እየ። ምኽንያቱ፣
መስተ ንወዲ ሰብ ጠቓሚ ስለዘይኮነ። ኮካዶ ወይስ
ፋንታ ግን ምረጽ፡”
“ደሓን!” ሰመረ ብስክፍታ ነቲ ግሩም ገዛ
ንዓይኑ እናፈተሸ መለሰሉ።
“ደሓን ከም ምርጫ ኣይሃብኩኻን። ዝሃብኩኻ
ምርጫ ኮካ ወይ ፋንታ እየን። ስለዚ ካብ ክልቲአን
ምረጽ። ቀልዓለም ኣይትፍቶ። በዚ ጸሓይ እዚ
ከምዘድልየካ ርግጸኛ’የ። ስለዚ…፡” ሳይሞን ሰሓቐ።
“ኣየ ኢንጅነር ዓርከይ ስድራኻ ብኸመይ
ሃኒጾምኻ ይገርመኒ ኣሎ። ክሳብ ክንድዚ ናጽነት
ኣለካ። በል ኮካ ኣምጽኣለይ፡” ሰመረ ክምስ እናበለ

ተዛረበ።
“ባባ ብኣካውንቲንግ ዲግሪ ኣሎዎ። ኣነሀለካ
ኣብቲ ስእሉ፡” ናብቲ ኣብ መንደቕ ተሰቒሉ ዝነበረ
ናይ መመረቓታ ስእሊ ኣመልከተ። “ማማ ድማ
መምህር እያ። ናይ ክልቲኦም ኣተሓሳሳባ ከኣ ኣዝዩ
ብሱል እዩ። ኣብ ደቆም ዘለዎም ፍቕርን ሓልዮትን
እዚ ክብለካ ኣይክእልን እየ። ባባ ድሕሪ ስራሕ
ሰዓት ሸውዓተ ኣብ ገዛ ኣሎ። ባባ ንኣና ልክዕ
ከም ዓበይቲ እዩ ዘዕልለና። ካብ ባባ ዝወረስኩዎ
ድማ ምስ ዓበይቲ ክረዳዳእ ኣይሽግረንን እዩ።
እናሰተኻ…፡” እናተዛረበ ኮካ ከፊቱ ኣብ ጥቕኡ
በጺሑ ኣቐበሎ።
“የቐንየለይ ሳይሞን ዓርከይ፡” ኮካ ተቐቢሉ
መዓጐ።

“ገንዘብካ። መጻሕፍቲ ኣብቲ ኣለካ፥ እንግሊዝ፡
ትግርኛ፡ ኮታ ደስ ዝበለካ ኣምጺእካ ኣንብብ። ኣብ
ገዛና ዝመጸ ሰብ መጽሓፍ
ኢና ንጋብዞ። ኣነ ድማ
መጽሓፍ ጋቢዘካ ኣለኹ።
ንኣይ ዕዮ-ገዛ ዝስራሕ
ስለዘለኒ ዕዮይ ክሰርሕ
እየ፡” ሳይሞን ጥራውዝቱ
ኣብ ምቅርራብ ተጸምደ።

“ሕራይ፡” ሰመረ ካብቲ
ኮፍ ኢሉሉ ዝነበረ ተንሲኡ
ናብቲ ናይ መጽሓፍ
ሸልፍ ከደ። ካብቲ ዝነበረ ልዕሊ ሓደ ሚእቲ
ዝኸውን መጻሕፍቲ ፈቲሹ፡ ‘ብሉጽ ተመሃራይ፡’
ዝብል ኣርእስቲ ዘለዋ መጽሓፍ ኣልዓለ። ኣብ ሳሎን
ኮፍ ድሕሪ ምባል ከንብብ ጀመረ። መጽሓፍ
ካብ ዘየንብብ ነዊሕ ስለ ዝገበረ ዓቕሉ እናጸበቦ
ምግንጻል ፈለመ።

ሳይሞን፡ ብሰመረ እናተገረመን እናሓሰበን ዕዮ
ገዝኡ ሰሪሑ ወድአ። ንሰመረ ከኣ ሰሰሪቑ ይጥምቶ
ነበረ። ሰመረ ዓቕሊ ኣጽቢቡ ከምዘሎ ክርዳእ ከኣለ።
ክሳዕ ባዕሉ ክኸይድ ዝደሊ ስቕ ኢሉ መጽናዕቱ
ቀጸለ።

ይቕጽል...

እቲ መርማሪ ቈልዓ

መበል 14 ክፋል ዛንታ

ስመይ ሳምራዊት መብራህቱ ገብረማርያም
ይበሃል። ብ26 ሰነ 2010 ካብ ኣቦይ መብራህቱ
ገብረማርያም ኣደይ ጽገ ካሕሳይ ኣብ ሽማንጉስ
ታሕተይ ተወሊደ። ኣብ ቤት
ትምህርቲ ሳግም ተሰነይ እምሃር።
ሕጂ ናብ ታሽዓይ ክፍሊ ሓሊፈ
ኣለኹ።
መዋእለ ህጻናት ኣብ ቤት
ትምህርቲ ሓርነት፡ መባእታ ኣብ
ኢሳቕ ተወልደመድህን፡ ማእከላይ
ደረጃ ኣብ ሳግም ተማሂረ። ናይ
ትምህርቲ ውጽኢተይ ድማ፡ ካብ
ቀዳማይ ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ
ብልጫ እናወሰድኩ ኣብዚ በጺሐ።
ኣገባብ ኣጸናንዓይ፡ መምህር
ክገልጽ ከሎ ብተገዳስነት እመሃር።
ናይ መጽናዕቲ ግዜ ፈልየ፣
ብጥንቃቐ ትምህርተይ እከታተል።
ልዕሊ ኵሉ ብኸንቱ ዝጠፍእ ግዜ የብለይን።
ኣብ ትምህርቲ ዝሕግዘኒ፡ ሓወይ ኮኾብ መብራህቱ
እዩ። ተወሰኽቲ መጽሓፍቲ ድማ አንብብ እየ።
ውጽኢተይ፡ English 100፡ Social Studies
100፡ Science 100፡ Citizenship 100፡ Maths
100 ኣምጺአ። ገምጋም ነጥበይ ድማ 100% እዩ።

ምስጢር ዓወተይ፡ ጻዕርን ከይተሓለልካ
ምስራሕን እዩ።
ሚእቲ ንኸምጽእ ገና ተመሃሪት ራብዓይ ከለኹ
እየ ሓሊመ። ኣብ ቤት ትምህርቲ
ሳግም 100 ዘምጽአ ተመሃራይ
ነይሩ፣ ብሽክለታ ክሽለም ምስ
ረኣኹ፣ ኣነ ድማ ኣብ 8ይ 100%
ከምጽእ እየ ኢለ ዕላማ ገይረዮ። ኣብ
መወዳእታ ድማ ንበይነይ ካብ ሃገር
ምሉእ 100% ኣምጺአ። እዚ ድማ
ሓጐስ ፈጢሩለይ ኣሎ። ዝጽዕር
ከምዝዕወት ድማ ክግንዘብ ክኢለ
ኣለኹ።
ኣብ መጻኢ ክመሃሮ ዝደሊ
ዓውዲ፡ ስነ ጠፈር እዩ። ኣብ ስነ
ጠፈር ዓቢ ተገዳስነት ኣሎኒ።
ንተመሃሮ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ፡
ግዜኦም ብግቡእ ክጥቀሙሉ፡
ኣብ ትምህርቶም ክግደሱ፡ ልዕሊ ዅሉ ግን ዕላማ
ክህልዎም እመኽሮም።
ከመስግኖም ዝደሊ፡ መጀመርታ ወለደይ፡
ኣሕዋተይ፡ ከምኡ’ውን ንመምህራን ቤት ትምህርቲ
ሳግም ብልቢ አመስግን።

ስመይ ዩኤል ሃብቶም ገብራይ ይበሃል። ብ7
ሚያዝያ 2010 ካብ ሃብቶም ገብራይ ኣደይ
መሰረት ዓንዳይ ኣብ ዓዲ ተከሌዛን ተወሊደ።
ኣብ ቤት ትምህርቲ ዛራ ድማ
እምሃር። ሕጂ ናብ ታሽዓይ ክፍሊ
ሓሊፈ ኣለኹ።
መዋእለ ህጻናት ኣብ ቤት
ትምህርቲ ስምረት፡ መባእታን
ማእከላይን ደረጃ ድማ ኣብ ቤት
ትምህርቲ ዛራ።
ኣገባብ ኣጸናንዓይ፡ ኣብ ሻብዓይ
ክፍሊ ከለኹ ናይ 6ን 7ይ ክፍሊ
ኣጽኒዐ ወዲአዮ ነይረ። እዚ ድማ
ሓጊዙኒ እዩ። ልዕሊ ኵሉ ግን
ግዜይ ብመደብ እየ ዝጥቀመሉ።
ኣብ ትምህርቲ ዝሕግዙኒ፡
ኵሎም ወለደይ ማለት ናይ እንዳ ኣቦይን እንዳ

ስመይ ማሕሙድ መሓመድስዒድ ፈረጅ
ይበሃል። ብ7 ጥቅምቲ 2009 ካብ ኣቦይ
መሓመድስዒድ ፈረጅ ኣደይ ራይት ዑስማን
ኣብ ከተማ ከረን ተወሊደ። ኣብ
ቤት ትምህርቲ ዓንሰባ ድማ
እምሃር። ሕጂ ናብ ታሽዓይ
ክፍሊ ሓሊፈ ኣለኹ።
ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳዕ
ማእከላይ ደረጃ ኣብ ቤት
ትምህርቲ ዓንሰባ እየ ተማሂረ።
ኣገባብ ኣጸናንዓይ፡ ናይ
መጽናዕትን ጸወታን ግዜ ፈላልየ
እጥቀመሉ። መምህራን ክገልጹ
ከለዉ እከታተል። ኣብ ገዛ ድማ
ንበይነይ ኮይነ አጽንዕ።
ኣብ ትምህርቲ ዝሕግዙኒ፡ ካብ ወለደይ ናይ
ትምህርቲ ዝግዙኒ የለዉን፣ ዘድልየኒ እዮም

ስመይ ያፌት ዳዊት ኪዳነ ይበሃል። ብ8
ታሕሳስ 2009 ካብ ኣቦይ ዳዊት ኪዳነ ኣደይ
መድህን ተወልደ ኣብ ከተማ ከረን ተወሊደ።
ኣብ ቤት ትምህርቲ ላሳለ ድማ
እምሃር። ሕጂ ናብ ታሽዓይ
ክፍሊ ሓሊፈ ኣለኹ።
መዋእለ ህጻናት ኣብ ቤት
ትምህርቲ ቅድስቲ ልችያ፡
መባእታን ማእከላይን ደረጃ ኣብ
ቤት ትምህርቲ ላሳለ እየ ተማሂረ።
ኣገባብ ኣጸናንዓይ፡ ካብ ቤት
ትምህርቲ ምስ ተፈደስኩ፡ ክሳዕ
ሰለስተ ሰዓታት አጽንዕ። ተወሳኺ
ድማ ምስ ደቂ ቤት ትምህርተይ
እረዳዳእ።
ኣብ ትምህርቲ ዝሕግዙኒ፡ ወለደይን ከምኡ’ውን
ኣሕዋተይ እዮም። ዘድልዩኒ መጻሕፍቲ ድማ

ስመይ ናሄር በረኸት ቢሆን ይበሃል። ብ14
ሕዳር 2010 ካብ ኣቦይ በረኸት ቢሆን ኣደይ
ሻሹ ኪዳነ ኣብ እምባደርሆ
ተወሊደ። ኣብ ቤት ትምህርቲ
ርእሲ ዓዲ ድማ እምሃር። ሕጂ
ናብ ታሽዓይ ክፍሊ ሓሊፈ
ኣለኹ።
መዋእለ ህጻናት ኣብ ቤት
ትምህርቲ እራብ፡ መባእታ ኣብ
እምባ ደርሆ፡ ማእከላይ ደረጃ
ኣብ ቤት ትምህርቲ ርእሲ ዓዲ
ተማሂረ።
ኣገባብ ኣጸናንዓይ፡ ግዜይ
ብግቡእ እጥቀመሉ። ደጋጊመ
ድማ ሕቶታት ናይ ጀነራል
እፍትን ነይረ።
ኣብ ትምህርቲ ዝሕግዙኒ፡ ወለደይን ከምኡ’ውን

ኣደይ ይሕግዙኒ እዮም። ጥቡቕ ምክትታል
ስለዝገብሩለይ ድማ ተዓዊተ።
ውጽኢተይ፡ English 100፡ Social
Studies 100፡ Science 98፡
Citizenship 100፡ Maths 98
ኣምጺአ። ገምጋም ነጥበይ ድማ
99.2% እዩ።
ምስጢር ዓወተይ፡ ግዜኻ
ብግቡእ ምጥቃምን ዘረባ ዓበይቲ
ምስማዕን እዩ።
ኣብ መጻኢ ክመሃሮ ዝደሊ
ዓውዲ፡ ክሳዕ ሕጂ ኣይወሰንኩን፡
ምስ ግዜ ክርእዮ እየ።
ከመስግኖም ዝደሊ፡ ንዅሎም
ወለደይ ኣብ ዓወተይ ኣበርክቶ
ስለዝነበሮም ብልቢ አመስግን!

ዝቕርቡለይ። መምህራንና ግን ኣብ ቤት
ትምህርቲ ይሕግዙና እዮም።

ውጽኢተይ፡ English 100፡ Social
Studies 98፡ Science 100፡
Citizenship 100፡ Maths 98
ኣምጺአ። ገምጋም ነጥበይ ድማ
99.2% እዩ።
ምስጢር ዓወተይ፡ ጻዕርን
ተገዳነትን እዩ።
ኣብ መጻኢ ክመሃሮ ዝደሊ
ዓውዲ፡ ዶክተር ክኸውን እምነ።
ምኽንያቱ፡ ንሕብረተሰበይ
ከገልግል ስለዝደሊ።
ከመስግኖም ዝደሊ፡ ንኽቡራት
ወለደይ ከምኡ’ውን ንዅሎም
መምህራነይ ብልቢ አመስግኖም።

ይቕርቡለይ።
ውጽኢተይ፡ English 100፡ Social
Studies 98፡ Science 98፡ Citizenship
100፡ Maths 100 ኣምጺአ።
ገምጋም ነጥበይ ድማ 99.2%
እዩ።
ምስጢር ዓወተይ፡ ጻዕርን
ተገዳስነት እዩ።
ኣብ መጻኢ ክመሃሮ ዝደሊ
ዓውዲ፡ ኣብ ፖለቲካ ተገዳስነት
ኣሎኒ። ምስ ዓበኹ ድማ
ፖለቲከኛ ክኸውን እደሊ።
ከመስግኖም ዝደሊ፡
ንኽቡራት ወለደይ፡ ኣሕዋተይን
ኵሎም መምህራነይን ብልቢ
አመስግኖም።

ኣሕዋተይ እዮም። ተወሳኺ ድማ ብዙሕ
መጻሕፍቲ ኣንቢበ እየ።

ውጽኢተይ፡ English 100፡
Social Studies 100፡ Science
98፡ Citizenship 98፡ Maths
100 ኣምጺአ። ገምጋም ነጥበይ
ድማ 99.2% እዩ።
ምስጢር ዓወተይ፡ ብዙሕ
ሕቶታት ምፍታንን መጽናዕትን።
ኣብ መጻኢ ክመሃሮ ዝደሊ
ዓውዲ፡ ኣብ ዕድና ዘተኮረ
ትምህርቲ ክምሃር እደሊ።
ምኽንያቱ፡ ኤርትራ ሃገርና
ሃብታም ስለዝኾነት ኣነ ድማ
ኣብ ሃብቲ ሃገርና ኣበርክቶ
ክገብር ስለዝደሊ እየ።
ከመስግኖም ዝደሊ፡ ንኽቡራት ወለደይን
ኣሕዋተይን ብልቢ አመስግኖም።

5

6

7

8

9

ዕላል ምስ ከዋኽብቲ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ 2024-25

ፍቱዋት ተመሃሮ ናይ ምትብባዕ መደብ ንዕዉታት ሃገራዊ መርመራ እዚ ይመስል ነይሩ። ንስኻትኩም ድማ ከምዞም ተመሃሮ እዚኣቶም ዕዉታት ክትኮኑ እናተተስፈና፡ ርሑስ ምጅማር ዓመተ ትምህርቲ 2025-2026 ይግበረልኩም!

ሓዳስ ኤርትራ መበል 35 ዓመት ቁ.29 4 ጥቅምቲ 2025 - ገጽ 9

ሽልማት ደንደን፡ ንዝያዳ ጻዕሪ ዕዮ-ገዛ ዘሰክም መደብ ሸዊት ገብረብርሃን

ወ/ኣ/ዜ/ዞ/ደቡብ

ቃለ- መሕተት ቃለ- መሕተት

ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ምስ መበል
37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት
ብምውራድ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ
መርመራ 12 ክፍሊ ማለት ማትሪክ
2024/25 ተሳቲፎም ልዑል ነጥቢ
ዘምጽኡ 284 ተመሃሮ ብ2
መስከረም ሽልማት “ደንደን” ዓዲሉ
ምንባሩ ዝዝከር እዩ። ኣብቲ መደብ
እምበኣር፡ ንኣተኵሮና ዝሰሓበ
መንእሰይ ገጢሙና ነይሩ። ካብቶም
ምሉእ ነጥቢ ማለት 4 ዘምጽኡ 64
ተመሃሮ ብፍሉይ ንኹለን እተን
ንመርመራ ዝተሳተፈን 8 ዓይነታት
ትምህርቲ እዩ A ኣምጺኡወን።
ነዚ መንእሰይ፡ ንምስጢር ዓወቱን
ጕዕዞ ትምህርቱን ኣመልኪትና ቃለ
መጠይቕ ኣካይድናሉ ኣለና።

• መጀመርታ እንቋዕ ሓጐሰካ! ምስ
ነብስኻ እስከ ኣላልየና?

ሳይሞን ተወልደ ኪዳነ እብሃል።
ኣብ 2006 ካብ ኣቦይ ኣቶ ተወልደ
ኪዳነን ኣደይ ወይዘሮ ትብለጽ
ገብረኣብዝጊን ኣብ ሸኻ እያሞ ንኡስ
ዞባ ዓዲ-ዃላ ተወሊደ። ቦኽሪ ገዛ እየ
ድማ።

• ሕራይ ናይ ትምህርቲ ድሕረ-
ባይታኻ ከመይ እዩ ዝመስል?

ዕድመይ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ
ኣብ 2012 ትምህርቲ ብምጅማር
ካብ 1ይ ክሳብ 5ይ ክፍሊ ኣብ ቤት-
ትምህርቲ ዓዲ ዓንዴል፡ ካብ 6-11
ኣብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ዛራ
ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ ተማሂረ። ኣብ
ኩሉ ናይ ትምህርቲ ህይወተይ ድማ፡
ብኽፍልን ቤት ትምህርትን ሽልማት
እናወሰድኩ ኣብዚ ደረጃ በጺሐ።

• በዅሪ ገዛ ከም ምዃንካ መጠን፡
ንትምህርቲ ስድራኻ ከመይ ግዜ
ይህቡኻ ነይሮም?

ስድራይ ኣብ ትምህርተይ ንኽግደስ
ኣዝዮም እዮም ዘተባብዑኒ። ዋላ’ኳ
በዅሪ ኰይነ ክሕግዞም ክደልዩ ግድን
እንተዀነ፡ ቀዳምነት ግን ንትምህርቲ
ብምሃብ ኣጽንዕ እዮም ዝብሉኒ። ክሳብ
እዛ ሕጂ ሰዓት፡ ብፍላይ ኣደይ ፍሉይ
ዝዀነ ምትብባዕ እያ ትገብረለይ።

• ኣብ ሽልማት ዒንደማሶኸ
ተሳቲፍካዶ ነይርካ? ነዚ ሕጂ

በጺሕካዮ ዘለካ ደረጃ ከመይ ጸልዩዎ?

እወ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ
መርመራ ሻሙናይ ክፍሊ 85%
ብምምጻእ ተሸላሚ ዒንደማሶ ኰይነ
እየ። ኣብ ከምዚ ሕጂ ዘለናዮ ግዜ
መበል 33 ዙርያ ደንደን ክሽለሙ
ከለዉ፡ ሃማመተኤ ዝወደቦ ስልጠና
ክንሳተፍ መጺእና ነይርና። ማትሪክ
ተሳቲፈ ልዑል ነጥቢ ብምምጻእ
ግድን ኣብዛ ኣዳራሽ ተመሊሰ፡ ደንደን
እውን ክወስድ ኣለኒ ዝብል ስምዒት
ኣብታ ሰዓት እቲኣ እያ መጺኣትኒ።
ከም ሕልመይ ድማ፡ ኣብዛ ኣዳራሽ
ደጊመ መጺአ ኣለኹ። ስለዚ ጽልዋ
ዒንደማሶ ንደንደን ኣብቂዑኒ እየ
ዝብል። በዚ ኣጋጣሚ ንወደብቲ
ናይዚ መደብ ምስጋናይ ልዑል እዩ።
ቀጻልነቱ ክውሓስ ድማ እላቦ።

• ናይ ሳዋ ግዜኻ ከመይ
ተጠቂምካሉ?

ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትና
ንምዝዛምን ግቡእ ሃገራዊ ታዕሊም
ንምምላእን ናብ ሳዋ ክንወርድ ከለና፡
ብዛዕባ እቲ ከባቢ ብዕላል ንሰምዖ
ኣሉታውን እወታውን ጐድንታት
ኣብ ግምት ብምእታው፡ ካብ 9ይ
ክሳብ 11 ክፍሊ ዝነበረ መጽናዕተይ
ኣጻፊፈ እየ ከይደ። ኣብ ሳዋ ድማ፡

ካብ ትጽቢተይ ንላዕሊ ግዜ ነይሩና።
ክሳብ ኣካዳምያዊ ትምህርትኻ
ትዛዝም፡ ኣብ ሳዋ ዋላ ኣባላትካ እዮም
ንኸተጽንዕን ግዜኻ ንኽትጥቀመሉን
ዝከታተሉኻ። ኣብ ናይ መጽናዕቲ
ግዜ ክትድቅስ ኰነ ካልእ ንጥፈት
ከተካይድ ዘይሕሰብ እዩ። ሳላ ግቡእ
ክትትልን ኣልያን ናታቶም ድማ፡
ግዜይ ብግቡእ ተጠቒመሉ እየ።
ብተወሳኺ ኣብ ሳዋ ናይ መዘና
ትምህርቲ እምህር ነይረ። ኣዝዩ ድማ
ሓጊዙኒ እዩ።

• ኩሉ ንመርመራ ዝተሳተፍካዮ
‘A’ ብምምጻእ ኢኻ ምሉእ ነጥቢ
ኣምጺእካ እሞ፡ ከመይ ተሰሚዑካ?

ዋላ’ካ ዝጽበዮ እንተ ነበርኩ፡ ኣዝዩ ደስ
ዘብል እዩ። ኣብ ማትሪክ ዝተዋህበካ

ግዜ ተጠቒምካ ከይተረበሽካ እንተ
ሰሪሕካዮ ኣጸጋሚ ኣይኰነን። ኣነ
ድማ ብዝግባእ ግዜይ ተጠቂመ
ተረጋጊአ እየ ሰሪሐዮ። ብፍላይ
ቅድሚ ማትሪክ ዝወሃብ ናይ ሞዴል
ፈተና ዝጐደለካ ንኽትምልእ ሓጋዚ
እዩ ነይሩ። ብኸምዚ ድማ፡ ኩለን
ንፈተና ዝቐረብክወን ሸሞንቲአን ‘A’
ኣምጺአ ማለት እዩ።

• ሕጂ እውን ተሸላሚ ‘ደንደን
ኣዋርድስ’ ኴንካ ኣለኻ። ንቀጻሊ ናይ

ኮለጅ ጕዕዞኻ ከመይ ክጸልዎ እዩ?

ደንደን ኣብ ታሪኻዊ ድፍዓት
ግንባር ናቕፋ ዝርከብ በሪኽ ቦታ
እዩ። ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ከኣ

ብጽንዓት ንልዕሊ 10 ዓመታት
ዝተቓለሱሉ ታሪኻዊ ቦታ ምዃኑ ኣብ
ናይ ታሪኽ መጽሓፍትና ሰፊሩ ኣሎ።
ረዚን ስም ዝሓዘለ ሽልማት ክጎናጸፍ
ምብቅዐይ ከኣ፡ ቀሊል ሓላፍነት
ኣይኰነን። ስለዚ ኣብ ዝኣትዎ ዘለኹ
ሓድሽ መድረኽ ህይወት ኮለጅ፡
ብሓያል ጻዕርን ጽንዓትን መኪተ፡
ብዓርከ መዘና ከይተጸለኹ ከም
ፍቓድ ኣምላኽ ሕጊ ከጽንዕ እዩ
መደበይ። እዚ ሽልማት ድማ፡ ዓቢ
ዕዮ ገዛ ኣሰኪሙኒ ኣሎ።

• ተራ ወለዲ፡ መምህራን፡
ሕብረተሰብን መንግስትን ኣብ ጕዕዞ
ትምህርትኻ ከመይ ትገልጾ? ነዚ ብናጻ
ዘምሃረካን ዘምህረካ ዘሎን መንግስትን
ህዝብን ብኸመይ ክትክሕሶ ኢኻ?

ተራ ወለዲ፡ መምህራንን
ሕብረተሰብን ብቑዕን ንፉዕን
ተመሃራይ ንኽትከውን ቀሊል
ኣይኰነን። ሳላ ደገፍ ናይዞም ኣካላት
እየ እዚ በጺሐዮ ዘለኹ ደረጃ
ረኺበ። ስለዚ ብመጀመርታ ኣብዚ
ደረጃ ዘብጽሓኒ ኣምላኽ ከመስግን
እፈቱ። ብምቕጻል ወለደይ ዘይሕለል
ጻዕሪ ስለ ዝገበሩለይ፡ መምህራነይ
ክሳብ እዚ በጺሐዮ ዘለኹ ደረጃ
ዘማእዘኑኒ፡ ብፍሉይ ግን ንሃማመተኤ

ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይልን ዞባ ደቡብን
ከመስግን እደሊ። ብዝተመሃርክዎ
ዓውዲ ድማ፡ ንህዝበይን ሃገረይን
ክኸውን ትምኒተይ ምሉእ እዩ።

• ኣብ መወዳእታ ተራ ሃማመተኤ
ኣብ ህይወትካ ከመይ ትገልጾ?

ንሃማመተኤ ብደገ ዝዛረበሉ ሰብ
ካልእ እዩ። ሰብ ስነ-ምግባር እንተ
ዘይብሉ ጽቡቕ ክዛረብ ትጽቢት
ኣይትገብረሉን ኢኻ። ሰባት ነዚ
ማሕበር ከቃልልዎን ዘይስሙ
ክህብዎን ትሰምዕ ኢኻ። እንተዀነ
እቲ ሓቂ ብኣንጻሩ እዩ። ንኣብነት፡
ኣነ ኣብ ክለብ ሚኒ-ሜድያን
ክለብ ኣንበብትን እሳተፍ እየ።
ዝመጽኡ መጐሳጎሲ ጽሑፋት፡
ነንብብ ኢና። እዚ ነገራት ድማ፡
ብርእሰ ምትእምማን ክንቀሳቐስን
ዕላማይ ከነጽርን ሓጊዙኒ እዩ። ናይ
ንባብ ልምድን ወልፍን ከሕድር ሳላ
ዝሓገዘኒ፡ ብሉጽ ተመሃራይ ክኸውን
ክኢለ። ምእንቲ’ዚ፡ ንማሕበር
ምስጋናይ ወሰን የብሉን። ነዚ ማሕበር
ድማ፡ ኩሉ መንእሰይ ብዝግባእ
ክጥቀመሉን ክረብሓሉን ጻውዒተይ
አቕርብ። ምኽንያቱ ኣነ ውጽኢት
ናይዚ ማሕበር ስለ ዝዀንኩ።

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት መደብ

O9፡00 ሃገራዊ መዝሙር
09፡05 ሃሎ ቆልዑ
09፡40 ስፖርት
09፡50 ዶክመንት
10፡25 ፓኖራማ
11፡00 ለሰ ስፖርት

12፡30 ዜና (ትግርኛ)
12፡55 ጉዳይ ኣብ ዘተ

13፡30 ዜና (ዓረብ)
13፡45 መልሲ ኣብ

መስመር (ቀጥታ)
14፡30 ናትራን
17፡00 መደብ ኣከባቢ
17፡35 መደብ ሳይዳ
18፡35 ደረትቃና

20፡00 ዜና (ትግረ)
20፡15 ፊልም ዳምር

21፡00 ዜና (ትግርኛ)
21፡25 ተክ-ኢንሳይት

22፡00 ዜና (ዓረብ)
22፡10 ደርፊ

22፡30 ዜና (እንግሊዝ)

ሓዳስ ኤርትራ መበል 35 ዓመት ቁ.29 4 ጥቅምቲ 2025 - ገጽ 10

ደቂ ኣንስትዮ ደቂ ኣንስትዮ ሃ ማ ደ ኤ

ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሞያ ሕክምና

ንዕላልና ብድሕረ ባይታኺ ዶ
ክንጅምሮ?
ጽቡቕ፣ ገነት ዕቑባይ እበሃል። ብርኒሂጎ
ብዝብል ሳጓ ከኣ እፍለጥ። ኣብ መወዳእታ
1977 ናብ ሜዳ ተሰሊፈ። ኣብ ብሌቓት
ምስ ተዓለምኩ፡ ኣብ ሰበርቀጠ ንሓደ
ወርሒ ኣጋር ሓኪም ተማሂረ። ኣብ ከረን

ተመዲበ ከለኹ ምዝላቕ ምስ ኣርከበ
ከኣ፡ ብእግርና መንገዲ ሸውዓተ መዓልቲ
ተጓዕዚና ሳሕል ኣቲና። ኣብ 1980፡
ካብ ግልዕ ናብ ሓወልዕ ብምኻድ፡ ምስ
ሓሙሻይ ርእስይ ሕክምና ስኒ ተማሂረ።
ዶ/ር ላይነሽ ምሂራትና ማለት’ዩ።
ብድሕሪ’ዚ ናብ ዓምበርበብ ወሪድና።
ኣብ 1982 6ይ ወራር ምስ ጀመረ፡
ካብ’ተን ሕክምና ዝተመሃርና እተን
ሰለስተ ምስ ዶ/ር ላይነሽ ናብ ዓራርብ
ክኸዳ እንከለዋ፡ ኣነ ከኣ በይነይ ምስ ጋንታ
15 ኣብ ዓምበርበብ ተሪፈ። በዚ ድማ፡
ንውጉኣት ቀዳማይ ረድኤት ናይ ምሃብ፡
ኣብ መካይን ኣስቂልካ ናብ ሕክምና ናይ
ምልኣኽ፡ ኣብ ርእሲኡ ድማ ምስ’ቶም
ውጉኣት መሳርሒታት ሕክምና ናይ
ምልኣኽ ዕማም ተዋሂቡኒ፣ ክሳብ’ቲ ወራር
ዝፈሽል’ውን ብተወፋይነት ሰሪሐሉ።

ብድሕሪኡ ኸ?
እቲ ወራር ምስ ፈሸለ፡ ናብ ዓራርብ
ክኸይድ እዩ ነይሩ እቲ መደብ። እተን
ሽዑ ዝነበራ በራጊድ ንፈለማ ግዜ ብደረጃ
ክፍለ ሰራዊታት ይቘማ ስለ ዝነበራ ግን፡
ናብ ዓራርብ ናይ ምኻድ መደበይ ተሪፉ፡
ሓኪም ስኒ ኰይነ ናብ ክ/ሰ 52 ከይደ።
ብድሕሪ’ዚ፡ ኣብ 1985 ሓኪም ኰይነ
ናብ ውግእ ባረንቱ ኣትየ። ንፈለማ ግዜይ
ንሓደ ውጉእ እናሓከምኩ ከለኹ፡ ጸላኢ
ብማይ ላም መጺኡ ብጐንና ክሃርመና
ስለ ዝጀመረ፡ ቀልጥፉ ተበገሱ ንበሃል።
ኣነ ግን ከይዓጀበኒ ነቲ ውጉእ ናይ
ምሕካም ውራየይ ቀጺለ። በይነይ ምስ
ተረፍኩ፡ “ብርኒሂጎ! ኣይትሰምዕን ዲኺ
- ቀልጥፊ!” ይብሉኒ። ሕራይ ኢለ፡ ነቲ
ውጉእ ናይ ምሕካም ስራሕ ኣብ መኪና
ኰይነ ክቕጽሎ ተገዲደ ማለት’ዩ።
ከምዚ ኢለ ናብ ብዙሕ ወተሃደራዊ
ግጥማት እናኸድኩ ውጉኣት ድሕሪ
ምሕካም፡ “ክፍለ ሰራዊታት ርእሰን
ይኽኣላ፣ እተን ምስኣተን ዘለዉ ኣባላት
ማእከላይ ሕክምና ከኣ ናብ ቦታኦም
ይመለሱ፡” ምስ ተባህለ፡ ካብ’ታ ኣብ ሂካኖ

ገነት ዑቕባይ (ብርኒሂጎ)

ዝነበረት ኣሃዱ መጥባሕቲ ንማእከላይ
ሕክምና ናብ ዓራርብ ተመሊሰ። ብዶ/ር
ላይነሽ ከኣ ከም ብሓድሽ ስልጠና
ተዋሂቡና። ብድሕሪ’ዚ ግን ነዊሕ
ከይጸናሕና ናጽነት ኣርኪባ።
ናጽነት ምስ ኰነ፡ ዶ/ር ላይነሽ፡ “ኣቕሑ
ምጥርናፍ ስለ ዘሎ፡ ኩላትክን ናብ
ኣስመራ ኣይትኸዳን ኢኽን፣ ዕጫ ግበራ፡
” ትብለና። ሽዑ፡ ዕጫ ዝበጽሐን ከይደን፣
ዘይበጽሓና ከኣ ኣብኡ ተሪፍና። ሰለስተ
ሰብ ማለት፡ ኣነ፡ ፖልዮ፡ ኣድሓነት ተሪፍና
ማለት’ዩ። ድሕሪ ናጽነት ሸውዓተ ወርሒ
ጸኒሕና ድማ፡ ንብምሉኡ’ቲ ናይ ሕክምና
መሳርሒታትና ኣብ መካይን ጽዒንና
ኣስመራ ኣቲና። ገለ ካብ’ቲ መሳርሒታት
ሕክምና ስኒ እውን፡ ክሳብ ሕጂ ንጥቀመሉ
ኣለና።

ሓካይም ስኒ ምስ ኰንክን፡ ነቶም
ውጉኣት እንታይ ትገብራሎም ነይርክን?
ናይ ገጽ መውጋእቲ ኣዝዩ ሕማቕ
እዩ። መልክዕ ይቕየር፡ ኣስናን ይረግፍ፡
ምስኡ ከኣ ሕማቕ ጨና ኣለዎ።
ብኣፎም ክምገቡ ስለ ዘይክእሉ፡ ቁስሎም
ክሳብ ዝሓዊ፡ ብኣፍንጫኦም ‘ኤን.ጂ
ትዩብ’ (NG Tube) ኣእቲና ብእኡ
ንምግቦም። እቲ ቁስሊ ክሳብ ዝሓዊ ኩሉ
ግዜ ምራቕ ስለ ዘሎ፡ እቲ ናይ ኣፎም
ጽሬት ክትሕልወሎም ኣለካ። ኣድላዪ
እንተ ዀይኑ፡ ሰለስተ - ኣርባዕተ ግዜ
ኢኻ ንመዓልቲ ተጽርየሎም። እቲ ጽቡቕ
ነገሩ፡ እንተ ኣጽሪኻሎም፡ ቀልጢፉ’ዩ
ዝሓውየሎም።

እሞ እቲ ስራሕ ክብድ ይብለክን ዶ
ነይሩ?
ኣዝዩ ከቢድ እዩ ነይሩ። ሓደ፡
መብዛሕትኦም ክዛረቡ’ውን ኣይክእሉን
እዮም። ብጽሑፍ ወይ ብምልክት እዮም
ዝረዳድኡኻ። ኣብ ርእሲኡ ከኣ ናይ
ምስትንፋስ ጸገም ስለ ዝገብረሎም፡ ምሒር
ዓቕሊ ጽበት ኣለዎም። መልክዖም’ውን
ስለ ዝበላሾ፡ ይጭነቑን ይቓዝኑን እዮም።
ሓንቲ ምሳና ዝነበረት ለምለም ትበሃል
ብጸይትና ትኸትት’ሞ፡ መንጋጋኣ ተሃሪማ
ትመጽኣና። ኣነ ግን ከላልያ ኣይከኣልኩን።
ሓኪመ ምስ ወዳእኩ፡ “ብርኒሂጎ፡
ለምለም ተወጊኣ መጺኣ ኣላ ረኺብክያ
ዶ?” ይብሉኒ። “እውይ! ኣበይ ኣላ?
ኣይረኣኹዋን?” ይብሎም። ድሓር ግን
እንተ ርኣኹዋ፡ ንሳ ምዃና ከይፈለጥኩ
ሓኪመያ ጸኒሐ። ምኽንያቱ፡ መልክዓ
ተቐይራ ስለ ዝነበረት። ብጾትካ ከይተረፉ
ኢኻ መልክዖም ምስ ተቐየረ ከተለልዮም
ዘይትኽእል። ክሓውዩ ምስ ጀመሩ’ዩ
መልክዖም ዝምለስ። ግን ግዜ ይወስዱ
እዮም፣ ናብ ዶ/ር ላይነሽ እናተመላለሱ
ብዙሕ ግዜ እዮም መጥባሕቲ ዝገብሩ።
ዶ/ር ላይነሽ ንሰነድ ኢላ ብካሜራ
ትስእሎም ስለ ዝነበረት፡ ምስ ተወግኡን
ምስ ሓወዩን ኣብ ስእሊ ክትርእዮም ከለኻ፡
በቲ ፍልልይ ኣዚኻ ኢኻ ትግረም።

ካብ ዶ/ር ላይነሽ እንታይ ቀሲምና
ትብሊ?
ብዙሕ ኢና ካብኣ ተማሂርና። ናይ ኣደ
ባህሪ ስለ ዝነበራ፡ እቶም ውጉኣት ገለ ነገር
ክዀኑ ከለዉ ትበኪ ነይራ። ይዝከረኒ፡
ቻንቹ ዝበሃል ሓደ ውዑይ ውጉእ ነይሩና።
መጥባሕቲ ምስ ገበረትሉ፡ ገና ምስ ቁስሉ
ከሎ ናብ’ተን ጋንታታት ከይዱ፡ በታ

ኣብ ኣፍንጫኡ ዝተተኽለትሉ ኤን.ጂ
ትዩብ ስዋ ድሙድሙ ሰትዩ መጺኡ።
ሽዑ እቲ ተሰፍዩ ዝነበረ ቁስሉ ኩሉ
ተፈቲሑ ምስ ጸንሓ፡ ብሕርቃን ዝኣክል
በኽያ ነቢዓ። ምኽንያቱ፡ ብኽንደይ
ጸገም እያ መንጋጋኡ ኣዐርያትሉ ነይራ።
ምስኡ’ውን ዝዀነ ውጉእ ለውጢ
ከየምጽአ እንተ ሓዲሩ ኣዝያ እያ ትጭነቕ
ነይራ። ሓውዮም ክፋነዉ ከለዉ ድማ፡
ኩሉ ዘድልዮም ኣስቤዛ ሂባ ተፋኑዎም
ነይራ። ንዓና ከኣ እዚ’ያ ኣውሪሳትና።

ድሕሪ ናጽነት፡ ንሞያኺ ብትምህርቲ
ደሪዕክዮ ዲኺ?
እወ፣ ድሕሪ ናጽነት፡ ኩላትና ናይ ሜዳ

ሓካይም ዝነበርና ኣብ መካነ ህይወት (ናይ
ሎሚ ኦሮታ) ናይ 6 ወርሒ ትምህርቲ
(Crash Course) ቀሲምና፡ ኣብ 1996
ዲፕሎማ ሒዝና ኢና። ናይ ንግሆ
እናሰራሕና፡ ናይ ምሸት እናተማሃርና ኢና
ወዲእናዮ። እቶም ናይ ስኒ ሓካይም፡ ዶ/ር
ላይነሽ እያ ምሂራትና። ኩነታት ናይ ወያነ
ክጅምር ከሎ ከኣ፡ ናብ ሓሊበት መጺእና።
እዚ ናይ ሓሊበት ህንጻ ሕክምና ስኒ
ክህነጽ ከሎ፡ ላይነሽ ባዕላ እናተኸታተለት
እያ ኣስሪሓቶ። እዚ ትርእዮ ዘለኻ ህንጻ፡
ኣርተፊሻል ስኒ ዝስርሓሉ ላባራቶሪ
ክኸውን’ዩ ተሓሲቡ ነይሩ። ኩነታት ናይ
ወያነ ስለ ዘርከበ ግን ኣይሰለጠን። ሕጂ
ግን ተስፋታት ኣሎና - ድሮ ዝኣተወ
መሳርሒታት’ውን ኣሎ።

ኣርተፊሻል ስኒ ናይ ብሓቂ መተካእታ
ስኒ ድዩ?
ከም ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ዝውሰድ
ደኣ’ምበር፡ ናይ ብሓቂ መተካእታ ስኒ
ኣይኰነን። ኣርተፊሻል ንመልክዕ እንተ
ዘይኰይኑ፡ ካልእ ረብሓ የብሉን። ባህርያዊ
ስንኻ ግን ዋላ ሕማቕ ቅርጺ ይሃሉዎ፡
መወዳድርቲ የብሉን። ንዓይ ግን፡ ብፍላይ
እዞም ካብ ብሽክለታን ካልእን ወዲቖም
ኣስናኖም ምስ ረገፉ ኣርተፊሻል ዝገብሩ
ዘለዉ ህጻውንቲ ቈልዑ እዮም ዘሕዝኑኒ።
ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ኣርተፊሻል ክገብሩ
ክትርእዮም ከለኻ፡ ክትጻወሮ ዘይትኽእል
ጓሂ እዩ ዝስምዓካ።

ስኒ ምኽላእ ከ ተመራጺ ድዩ?
ምስ ኣቐንዘወካ ክስደድ የብሉን። እታ
ስኒ ረኽሲ እንተ ዘይገይራ፡ ክትምላእ’ዩ
ዘለዋ። ሓሲኻ ኢልካ ክትሰዳ የብልካን።
ረኽሲ ይዅን ቃንዛ፡ ጽርየት ኣስናን
ብዘይ ምሕላው እዩ ዝመጽእ። ስለዚ፡
ብመጀመርታ እታ ጽሬት ክትህሉ ኣለዋ።
እንተ ዘይኰይኑ ግን፡ ምስ ኣቐንዘወካን
ምስ ሓበጠን ዘይኰንካ፡ ከሎ ገና ኢኻ
ናብ ሕክምና ክትመጽእ ዘለካ። እታ ስኒ
ምጽላም ክትጅምር ከላ እንድሕር ናብ
ሕክምና መጺኻ ግን፡ ካብ ምብዅባዅ
ክትድሕን ትኽእል እያ። ከም ልምዲ
ግን፡ ዝበዝሕ ሰብ ቃንዛ ምስ ከፍኦ ወይ
ምስ ረኸሶ እዩ ዝመጽእ። እንድሕር ኣብ
ሕበጥን ረኽስን በጺሑ ከኣ፡ ኣማራጺ ስለ
ዘየለ፡ ሕማቕ እናተሰምዓና ንሰደሎም።

እዚ ስኒ ምምላእ ዝበሃል ክሳብ ክንደይ
እዩ ውጽኢታዊ?
ኣነ’ኳ ውጽኢታዊ እየ ዝብሎ። ድሓር
ከኣ እቲ ዓይነት ኣመላልኣ እዩ ዝውስኖ።
እታ ስኒ ብኣጋኣ እንድሕር ተመሊኣ፡ ካብ
ምብዅባዅ ክትድሕን ትኽእል እያ።

ኣብ ሜዳ ዝመላእናሎም ገለ ተጋደልቲ
ክሳብ ሕጂ ጽቡቕ ይሕይኹሉ ኣለዉ።
ስኒ ክትመልእ እንድሕር ኴንካ፡ ዓቕሊ
የድልየካ እዩ፣ ግዜ ሂብካ ቀስ ኢልካ እንተ
ዘይኰይኑ፡ ብታህዋኽ ኣይምላእን እዩ።
ብግቡእ እንተ ተመሊኡ፡ ንነዊሕ ዓመታት
ከም ዘገልግል እየ ኣነ ዝፈልጥ።

ኣብ ስራሕ ዘጋጠመኪ ፍሉይን
ዘይርሳዕን ፍጻመ እንተሎ?
ኣብ ግዜ 6ይ ወራር እዩ። ሓደ
ኦፐሬተር ብደብዳብ ከቢድ ብረት ምስ
ተሃርመ፡ እታ መንጋጋኡ ትመሉቕ።
ኣነ ከኣ ከመይ ገይርካ ናብ ቦታኣ ከም
እትመልሳ ተመኩሮ ስለ ዘይነበረኒ፡ ዝገብሮ
ጠፊኡኒ ጭንቕ እብል። ንሱ ሃህ ምስ
በለ ክዛረብ ስለ ዘይክእል፡ ሓግዝኒ ንምባል
ብኢዱ’ዩ ዝጽሕፈለይ። ምስኡ ከኣ
ብቓንዛ ይልሎ’ዩ ዘሎ። ኣብ መወዳእታ፡
ነታ ዝነበረትና መጽሓፍ ናይ ሕክምና ስኒ
ክግንጽላ ኣለኒ ኢለ፡ ካብኣ እናምበብኩ
ነታ ዝመሎቐት መንጋጋኡ ናብ ቦታኣ
መሊሰያ። ሽዑ ዝተሰምዓኒ ሓጐስ ፍሉይ’ዩ
ነይሩ። ንሱ’ውን ተሓጒሱ ፍሽኽ ኢሉኒ።

ለበዋ እንተ ሃልዩኪ ዕድል ክህበኪ?
ብደገ ዝዝረብ ብዙሕ ዘይቅኑዕ ዘረባታት
ኣሎ። ሓደ ካብኡ፡ “ነፍሰ-ጾራት ኣስናነን
ከስድዳ፡ ከሕጽባ ወይ ከምልኣ ኣይክእላን
እየን፣ ከምኡ እንተ ገይረን፡ ጥንሲ ይኸደን
እዩ፡” ዝብል እዩ። እዚ ግን ሓቅነት
የብሉን። ኢሎሞ ኢልካ ጌጋ ውሳነ ካብ
ምውሳድ፡ ናብ ሓኪም ቀሪብካ ምውካስ
ዝበለጸ እዩ።
ካልእ፡ ስኒ ምእሳር ፋሽን እናዀነ ይመጽእ
ኣሎ። ህጻውንቲ ከይተረፉ’ዮም ኣስናኖም
ከእስሩ ዝመጽኡ ዘለዉ። እዚ ከኣ ኣዝዩ
እዩ ዘተሓሳስበካ። ኣስናንካ ንመልክዕካ
ዘበላሹ ኣዝዩ ሕማቕ ቅርጺ እንተ
ዘይሃልዩዎ፡ ምእሳር ኣድላዪ ኣይኰነን።
ምኽንያቱ፡ ምስኡ ዝመጽእ ሳዕቤናት
ብዙሕ ስለ ዝዀነ። እቲ ወጻኢታቱ’ውን
ቀሊል ኣይኰነን።

ሲስተር ከ ድሕረ ባይታኺ እንታይ’ዩ
ዝመስል?
ሲስተር ምሕረት ወልዳይ እበሃል።
ኣብ 1978 እየ ናብ ሜዳ ተሰሊፈ። ኣብ
ብሌቓት ንሓደ ወርሒ ኣጋር ሓኪም
ምስ ተመሃርኩ፡ ኣብ እንዳ ኦርቶላ -
ከረን ተመዲበ። ኣብ መንጎ ኩነታት
ናይ ምዝላቕ ምስ ኣርከበ ከኣ፡ ነቶም
መልመስቲ ዝነበሮም ስንኩላን ተጋደልቲ
ሒዝና ናብ ሳሕል ወሪድና። ፈለማ
ናብ ንኡስ ፈልከት፡ ቀጺልና ናብ ዓየት፡
ጸኒሕና ድማ ናብ ‘ጀልሃንቲ’ ዝበሃል ናይ
ሱዳን መሬት ግዒዝና። እቲ ብርቱዕ
ሙቐት፡ ካምሲንን ጸሓይን ናይቲ ቦታ
ኣብ ጥዕናኦም ኣሉታዊ ጽልዋ ስለ
ዝፈጠረ ግን፡ ውድብ ነዚ ተገንዚቡ ናብ
ፖርትሱዳን ኣግዒዙዎም። ንሕና ከኣ
ከም ኣለይቶም መጠን ምስኦም ኬድና።
እቲ ዝሕከምሉን ዝእለዩሉን ዝነበሩ ህንጻ፡
ምሉእ መሳለጥያታት ነይሩዎ። ኣብ
ፍርናሽ ዘለዎ ዓራት ይድቅሱ፡ ኣብ ባኞ
ይሕጸቡ፡ ዝተመርጸ መግቢ ይምገቡ፡
ወዘተ. ነይሮም።

ክንደይ ዝዀኑ ፓራላይዝ ኣብኡ
ይእለዩ ነይሮም?

እቶም ልሙሳት (ፓራላይዝ) ከባቢ 30

ይዀኑ ነይሮም። ኣብ ርእሲኦም ከኣ፡
ካልኦት ናይ ርእሲ ማህረምቲ ዝነበሮም
ስንኩላን ነይሮም።

እቲ ናይ ምእላዮም ስራሕ ክብደት
ነይሩዎ ዶ?
ናይ ብሓቂ ኣዝዩ ከቢድ ነይሩ። ስለ
ዘይንቀሳቐሱ፡ ኣብ ዓራቶም ከለዉ
ተጣቢብካ ከተሽኖም፡ ቀልቀሎም
ክትጸርገሎም፡ ኣንሶላኦም ክትሓጽበሎም፡
ኣካላቶም ከተጽርዮም፡ ቁስሎም
ክትሕክመሎም፡ ቆርበቶም ፈጨቕጨቕ
ከይብል እናሻዕ ክትገላብጦም፡ ብሓጺሩ
እቲ ስራሕ ኣዝዩ ኣድካምን ንዓቕልኻ
ዝፈታተንን እዩ ነይሩ። እተን ናይ
ቀልቀሎም ኣጭርቕቲ ጥራሕ መዓልታዊ
ሰለስተ - ኣርባዕተ ግዜ ኢኻ ትሓጽበን።
ሓጻቢት ማሽን ስለ ዘይነበረት (ብድሕሬና
እያ ተኣታትያ)፡ ኩሉ ሕጽቦታት
ብኢድ እዩ ነይሩ። እቲ ኣዝዩ ከቢድ
ዝነበረ ግን፡ ነተን ደቂ ኣንስትዮ ልሙሳት
ናይ ምእላይ ስራሕ’ዩ።

እሞ ከመይ ገይርክን ደኣ ተቐቢልክንኦ?
ነቲ ስራሕ እንተ ዘይንቕበሎ ነይርና፡
ኣብቲ ጥቓና ናይ ኣመሪካን ካልኦት
ሃገራትን ኣብያተ ጽሕፈት ስለ ዝነበረ፡
ብእኡ ኣቢልና ናብ ስደት ከነምርሕ
ምኸኣልና። ግን፡ “ንሳቶም ከማን ብዓቢኡ
ንናጽነት ክብሉ ሰንኪሎም ኣብዚ ዝሳቐዩ
ዘለዉ. . .” ኢልና ከም ቅቡል ኢና
ወሲድናዮ። ድሓር ከኣ ካብ ፈለማኡ
ክንስዋእ ኢልና ስለ ዝወጻእና፡ ፈጺሙ
ዕጅብ ይብለና ኣይነበረን። ንሳቶም’ውን
ንስንክልናኦም ተቐቢሎም ይሕግዙና
ነይሮም እዮም። ባዕሎም ጣይታ ዝስንክቱ
ነይሮም። ብዊልቸር ናብቲ መጎጎ
ኣጸግዕ ተብሎም፡ ሽዑ ባዕሎም ይስንክቱ
ማለት’ዩ። ለሚሰ ኢሉ ዘማርር ዳርጋ
ኣይነበሮምን። ብፍላይ ሓደ ተስፋይ

ዝበሃል ነይሩዎም (ኣብዚ ቀረባ እዋን
ተሰዊኡ)፡ ንስንክልናኦም ቀልጢፎም ከም
ዝቕበሉዎ ኣብ ምግባር ልዑል ተራ’ዩ
ዝጻወት ነይሩ።

ምስ ብጾትና ኣብ ድፋዕ ይሕሸና
ኣይበልክንን ማለት ድዩ?
ሓቂ ይሓይሽ፡ ምስ ብጾትና ኰይንና ኣብ
ድፋዕ ዘይምርግራግና፡ ኣዝዩ ይስምዓና
ነይሩ። ሓደ ግዜ ጸብሒ እናሰራሕኩ
ከለኹ፡ ሓደ ጋዜጠኛ መጺኡ ክስእለኒ
ምስ ሓሰበ ሃዲመ። “እንታይ ኴንኪ ደኣ
ትሃድሚ?” ኢሉኒ። “ተጋዳላይ ሲ ምስ
ካላሽኑ ከኣ ይሰኣል’ምበር - መዀስ ሒዙ
ክሰኣል!?” ኢለዮ። ብልበይ እየ ከምኡ
ኢለዮ። ድሓር ግን፡ “ገድሊ ማለት ምትኳስ
ጥራሕ ኣይኰነን፣ ምእላይ ስንኩላን’ውን
ልዕሊ ምትኳስ እዩ፡” እናበሉ ሓለፍትና
ስለ ዘረድኡና ተቐቢልናዮ። ምስ ግዜ ከኣ፡
ምስ’ቶም ተኣለይቲ ብጾትና ስድራቤት
ኴንና፣ ምስኦም ክንጫረቕ፡ ክንስሕቕን
ክንጻወትን ግዜ ነሕልፎ ነይርና።

ድሕሪ ናጽነት፡ ምስ’ዞም ተኣለይቲ
ስንኩላን ዝምድናኹም ከመይ ቀጺሉ?
ማሕበር ስለ ዘለና፡ ዓመታዊ ኣብ ባሕቲ
መስከረም እናተራኸብና ዝኽርታትና
ነሐድስን ንዘናጋዕን ኢና። ኣብ ሓጐሶም
ይዅን ሓዘኖም እውን ንበጽሖም ኢና።
ብዙሓት ግን ብመስዋእቲ ሓሊፎም
እዮም።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፡ ኣብ
ዝሓለፈ ክፋል፡ ምስ ክልተ ገዳይም
ደቂ ኣንስትዮ ሰብ ሞያ ጥዕና

(ሓንቲ ርእሰ ነርስን ሓንቲ ክኢላ
ፊዝዮትራፒን) ዝገበርናዮ ዕላል
ኣቕሪብናልኩም ነይርና። ንሎሚ
ድማ፡ ምስ’ተን ዝተረፋ ክልተ ሰብ
ሞያ ጥዕና ናይ ዘካየድናዮ ዕላል
ጽማቝ ትሕዝቶኡ ነስዕበልኩም -
ሰናይ ንባብ፥

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል



ሓዳስ ኤርትራ መበል 35 ዓመት ቁ.29 4 ጥቅምቲ 2025 - ገጽ 11

ስፖርት
ሊድያ በረኸት

ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ሎሚ ክዛዘም’ዩ

‘ንሓሬና ስዒርና ዋንጫ ኣብ ከብሕና ከነአትዋ ኢና’ ዓላሚ ሰንጥቕ - ተስፋኣለም ዮሃንስ

ሙሴ ገ/ሄር

ሮዳስ ጥዑምዝጊ

ንኣስታት ሓደ ወርሕን ሰሙንን
ክካየድ ዝቐነየ መበል
16 ስፖርታዊ ውድድር
ሓይልታት ምክልኻል
ኤርትራ፡ ሎሚ ቀዳም
ብጸወታ ኵዕሶ እግሪ ኣብ
ስታድዩም ከረን ኣብ
ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ
መጋረጃኡ ክዓጽው’ዩ።
ኣብ’ዚ መዛዘሚ
ዕለት ጋንታታት ደቂ-
ተባዕትዮ ሓሬናን
ሰንጥቕን’የን ንዋንጫ
ክገጥማ። ኣሰልጠንቲ
ናይዘን ጋንታታት ብዛዕባ ናይ ፍጻመ
ጸወታ ኣመልኪቶም፡ ዓላሚ ሰንጥቕ
ተስፋኣለም ዮሃንስ፡ “ዓወትና ናይ
ግድን’ዩ። ምኽንያቱ ብተጻወትተይ
እተኣማመን’የ። ዋንጫ ድማ ኣብ ከብሕና
ከነእትዋ ምዃንና ርግጸኛ’የ።” ኢሉ።
ኣሰልጣኒ ሓሬና ሮቤል ተኽለብርሃን
ብግደኡ፡ “ካብ መጀመሪያ ኣትሒዝና

ዓቢ ምድላዋት ኢና ገይርና። ብፍሉይ
ንጋንታ ሰንጥቕ ኢልና ዝገበርናዮ
ምድላዋት የለን። ካብ ፈለማ ናይ’ዚ
ውድድር ንፍጻመ ክንበጽሕ ከም
መደብ ሒዝናዮ ኢና ተበጊስና። ኣብ
ጽቡቕ ቁመና ኣለና። ንሰንጥቕ ረቲዕና
ድማ፡ ዋንጫ ክንወስዳ ኢና።” ኢሉ።
እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሓሙስ 2
ጥቅምቲ ናይ ደረጃ ኵዕሶ እግሪ ተኻይዱ

ነይሩ። ፈለማ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት
ብድሆን ሰንጥቕን ገጢመን። ብድሆ ኣብ
መበል 33 ደቒቕ ካብ ሮዳስ ጥዑምዝጊ
ኣብ 62ን 90ን ድማ ካብ ዋሌት ፍስሃየ
ብዘመዝገበተን ሸቶታት 3ብ1 ረቲዓ።
ንእንኮ ሸቶ ሰንጥቕ ሊድያ ግርማይ
ኣብ መበል 73 ደቒቕ ኣመዝጊባታ።

ሮዳስ ጥዑምዝጊ
ብልጽቲ ተጻዋቲት
ናይቲ ግጥም ተባሂላ።
ስዒበን ናይ ደቂ-ተባዕትዮ
ጋንታታት ቤኒፈርን
መኸተን ተጋጢመን።
መኸተ ኣብ መበል 25ን
30ን ደቓይቕ ሲራክ
መብራህቱን ዮሴፍ
ጸጋይን ብዘቝጸሩወን
ሸቶታት መሪሕነት
ሒዛ። ቤኒፈር ኣብ መበል 42 ካብ
ዮናስ ሃይለ ሸቶ ረኺባ ወጽኢት ናብ
2ብ1 ኣጽቢባቶ። በዚ ውጽኢት ከኣ፡
ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሐን። ቤኒፈር፡ ኣብ
ካልኣይ እብረ ክልተ ዓንዲ ልዳት ዝሃረማ
ብሉጻት ዕድላት እኳ እንተፈጠረት ናብ
ሸቶ ክትቅይረን ግና ኣይከኣለትን። ጸወታ

ድማ፡ ብዓወት መኸተ 2ብ1 ተዛዚሙ።
ኣባላ መድሃኔ ረድኢ ብሉጽ ተጻዋታይ
ናይቲ ግጥም ተባሂሉ። መድሃኔ፡ ንሽልማቱ
ንወዲ ጋንታኡ ቢንያም ጳውሎስ ከም
ህያብ አበርኪቱሉ። በዚ መሰረት ብደቂ
ኣንስትዮ ብድሆ፡ ብደቂ ተባዕትዮ መኸተ
ሳልሳይ ደረጃ ሒዘን ዛዚመን።

ሮቤል ተኽለብርሃን ተስፋኣለም ዮሃንስ

መደብ ጸወታ

ሎሚ
ፕሪመርሊግ
ሊድስ ዩናይትድ - ቶተንሃም 2:30 ድ.ቀ.
ማን.ዩናይትድ - ሳንደርላንድ 5:00 ድ.ቀ.
ኣርሰናል - ዌስትሃም 5:00 ድ.ቀ.
ቸልሲ - ሊቨርፑል 7:30 ድ.ቀ.
ላሊጋ
ኣትለቲኮ ቢልባኦ - ማዮርካ 7:30 ድ.ቀ.
ርያል ማድሪድ - ቪላርያል 10:00 ድ.ቀ.
ሰንበት
ፕሪመርሊግ
ኤቨርተን - ክሪስታል ፓላስ 4:00 ድ.ቀ.
ኒውካስል - ኖቲንግሃም 4:00 ድ.ቀ.
ዎልቭስ - ብራይተን 4:00 ድ.ቀ.
ኣስቶንቪላ - በርንለይ 4:00 ድ.ቀ.
ብረንትፎርድ - ማን.ሲቲ 6:30 ድ.ቀ.
ላሊጋ
ባርሰሎና - ሰቪያ 5:15 ድ.ቀ.
ስጳኞል - ርያል ቤትስ 7:30 ድ.ቀ.
ርያል ሶሲዳድ - ራዮ ቫልካኖ 7:30 ድ.ቀ.
ኣትለቲኮ ማድሪድ - ሰልታ ቪጎ
10:00 ድ.ቀ.

ማንቸስተር ዩናይትድ ንግዳያት ግብረ-ሽበራ መደብ

ዝኽሪ ክተካይድ’ያ

ብምኽንያት’ቲ ኣብ ከተማ
ማንቸስተር - ብሪጣንያ ኣብ ዝርከብ
ናይ ኣይሁዳውያንቤት ጸሎት ምኩራብ
ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ማን.ዩናይትድ
ጽባሕ ሰንበት ምስ ሳንደርላንድ ኣብ
እተካይዶ ግጥም ንዝሞቱ ግዳያት ናይ
ዝኽሪ መደብ ክትሰርዕ ምዃና ሓቢራ።

ሶርያዊ መበቆል ዘለዎ ጂሃል ኣል
ሻሚ ዝተባህለ ወዲ 35 ዓመት
ጥርጡር ብንእሽተይ ማኪና ናብ ቀጽሪ
ናይቲ ቤት ጸሎት ድሕሪ ምእታው
ብስሕለት ብዝፈጸሞ መጥቃዕቲ፡
ክልተ መእመናን ክሞቱ ከለዉ ሰለስተ
ድማ ብኸቢድ ቈሲሎም። እቲ ገበነኛ

ብፖሊስ ብዝተተኮሰሉ ጥይት ብኡ
ንብኡ ምቕታሉ ድማ ተሓቢሩ።
ተጻወትቲ ማን.ዩናይትድ ንዝኽሪ
ናይ’ቶም ዝሞቱ ኣብ ምናቶም ጸሊም
ጨርቂ ክኣስሩ ብላዕለዎት ኣካየድቲ
ፕሪመርሊግ ፍቓድ ተዋሂብዎም ኣሎ።
ኣሰልጣኒ ዩናይትድ ሩበን ኣሞሪም
ነዚ ኣመልኪቱ፡ “ብተደጋጋሚ ከምዚ
ዓይነት ክስተት የጋጥም ምህላዉ፡ ኣብዛ
ናይ ዕብዳን ዓለም ከምንነብር ዘለና’ዩ
ዘረድእ። ንግዳያት እናዘከርና ጽባሕ
ናይ ዝኽሪ መደብ ክነካይድ ኢና”
ኢሉ።
ግጥም ማን.ዩናይትድ ምስ
ሳንደርላንድ እተካይዶ ግጥም፡ ቅድሚ
ኣህጉራዊ ዕረፍቲ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ
ናይ መወዳእታ ጸወታኣ ክኸውን’ዩ።

ስሎት ንኮናተ ይሕለቐሉ

ሊቨርፑል ኣከታቲላ ኣብ ዘካየደተን
ግጥማት ንዝወረዳ ስዕረት፡ ንተኸላኻሊ
ኢብራሂማ ኮናተ ብዙሕ ነቐፌታታት
እኳ እንተ ወረዶ፡ ስሎት ግን ነዚ ፈረንሳዊ
ተኸላኻላይ ክሕለቐሉ ተሰሚዑ።
ሊቨርፑል ነዛ ዓመተ ስፖርት ብጽቡቕ እኳ
እንተ ጀመረታ፡ ኣብ ግጥም ፕረምየርሊግ
ብክሪስታል ፓላስ፡ ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ
ሊግ ድማ፡ ብጋላታሳራይ ኣከታቲላ
ተሳዒራ። ይዅን እምበር፡ ኣብ’ዘን ክልቲአን

ጸወታታት ብቕዓት ኮናተ ብፍሉይ
ኣርእስቲ ኰይኑ እዩ። እቲ ምኽንያት፡ ንሱ
ብተደጋጋሚ ብኣጥቃዕቲ ናይተን ክለባት
ክጠሓስ ስለ ዝተራእየ እዩ።
ነዚ ኣመልኪቱ ስሎት፡ “ከም ተጻዋታይ
ኵዕሶ እግሪ ኣብ ሜዳ ድኹም ምንቅስቓስ
እንተኣርኢኻ፡ ብቐሊሉ ኣብ ዓይኒ
ነቐፌታ ክትኣትው ግድን’ዩ። ኮናተ ሓደ
ካብኣቶም’ዩ ነይሩ፡ ብርግጽ ግን ንሱ
ጥራይ ኣይኮነን። ካልኦት’ውን ዘይልሙድ
ጌጋታት ገይሮም’ዮም። እዚ ከኣ ንጹር’ዩ
ነይሩ።” ኢሉ።
እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሊቨርፑል ጽባሕ
ናብ ቸልሲ ተጓዒዛ ክትገጥም’ያ።
ናብ ሊቨርፑል ካብ ዝግዕዝ ሓንቲ ሸቶ
ጥራይ ዘመዝገበ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ምስ
ቸልሲ ኣብ ዘካይድዎ ግጥም ኣበርክቶኡ
ክዓዝዝ ትጽቢት ይግበር።
ስሎት ንጉዳይ ኢሳቕ ኣመልኪቱ፡
“ክጅምር ከሎ፡ እቲ ከቢድ ነገር ብቑዕ
ጸወታ ምድላው’ዩ ኢለዮ ነይረ። እታ
ዘመዝገባ ሸቶ’ውን ናይ ውልቁ ውጽኢት
እምበር ኣብ ኒውካስል ልምምድ ገይሩ
ኣይመጻናን። እቲ ቀንዲ ነገር ምስ ደቂ-
ጋንትኡ ምውህሃድ’ዩ ዘድልዮ።” ኢሉ።
ሊቨርፑል ኣብ ዓመተ ጸወታ 2004-05
ክሳብ 2006-07 ኣብ ሜዳ ስታምፎርድ
ብሪጅ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ሰለስተ ግጥማት
ድሕሪ ምስዓራ፡ ኣብ’ዚ ዝሓለፈ ወቕተ
ስፖርት ካብ ዘካየደቶም ግጥማት ድማ ኣብ
ኣርባዕተ ጸወታታት ፕረምየርሊግ፡ ካብ ሜዳ
ቸልሲ ብዘይዓወት ወጺኣ።

ሊቨርፑል ኣብ ደረጃ ፕሪመር ሊግ
ብ15 ነጥቢ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትርከብ።
ኣርሰናል ድማ ብክልተ ነጥቢ ድሒራ
ካልኣይ ኣላ።

ኣደ ላሚነ ያማል ኣብ ‘ለንደን ጋላ’

ኣብ ከተማ ለንደን ቅድሚ ሕጂ ዝውቱር
ዘይነበረ ምርኢት ‘ለንደን ጋላ’ ክካየድ’ዩ።
ኣብቲ መደብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ

ቦታ ፍሉያት ሰባት (V.I.P) ክሳብ 800
ዩሮ ብምኽፋል ኣብ ጎድኒ ኣደ ኮኾብ
ተጻዋታይ ባርሴሎና ላሚነ ያማል ዝኾነት
ሺላ ኢባና ንምርካብ ዘጠቓልል ዕድመ
ድሕሪ ብምቕራቡ፡ ተጻዋታይ ኵዕሶ
እግሪ ነበር ቤንጃሚን ዛራንዶና፡ ወላዲት
ያማል ዕድምቲ ጋሻ እምበር ኣዳላዊት

ናይቲ ውድድር ከምዘይኮነት ብምግላጽ፡
ኣድህቦ ንምርካብ ከምዝገበረቶ ሓቢሩ።
ኣብ ከተማ ለንደን፡ ንደገፍቲ ያማል፡
ምስ ኣዲኡ ናይ ምርኻብ ዝዓለመ
መወዓውዒታት ብሰፊሑ ይዝርጋሕ
ኣሎ። ንነዊሕ እዋን ዓርኪ ስድራ-
ቤት ያማል ዝኾነ ዛራንዶና፡ ምስ ጀን
ሲ ኢቨንትስ ዝተባህለ መደባት ናይ
ምውዕዋዕ ኩባንያ፡ ነዚ መደብ ንምክያድ
ከምዝሰርሕ ሓቢሩ። እቲ ምድላው ናይዚ

መደብ ውልቃዊ ስራሕ ዘይኮነስ ሞያዊ
መደባት ምክያድ ምስ ፕሮፈሽናል ሰባት
ምዃኑ ገሊጹ።
ንሱ ነዚ ኣመልኪቱ፡ “እቲ መደብ
ዓመት መጸ ዝዳሎ ኣብ ግብረ-ሰናይ
ዝነጥፉ ሰባት ናይ እንግዶት ድራር እዩ።
ኣብዚ መደብ ከም ገዲም ተጻዋታይ
ኵዕሶ እግሪ መሪጾምኒ ኣለዉ። ኣደ
ላሚን ያማል ድማ ከም ተራ ዕድምቲ
እያ ናብቲ መደብ ክትመጽእ። ከም
ጋሻ ኮይና’ያ ድማ ክትቀርብ።” ይብል
ዛራንዶና።
እዛ ተጻዋቲት ሃገራዊት ጋንታ
ኢኳቶርያል ጊኒ ነበር ኢባና፡ ወላ’ኳ ሰባት
ንዝና ወዳ ንምጥቃም’ያ ነቲ መደብ ባዕላ
ትውድቦ ኣላ ዝብል ወረ እንተዘርግሑ፡
ንሳ ግን ነቲ ወረ ንምቕያር እያ ክትዋሳእ
ትፍትን። ይኹን እምበር ዛራንዶና
ኣብ ምልላይ ይኹን መሸጣ ትኬት
ከምዘይትሳተፍ እዩ ኣስሚሩሉ።



ሓዳስ ኤርትራ

ተረኛ ፋርማሲ ጎደና ቁ.ስልኪ ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኢምፔሮ 120253

ዕለት

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን 4/10/25

መበል 35 ዓመት ቁ.29 4 ጥቅምቲ 2025 - ገጽ 12

ዜና ዓለም ዜና ዓለም ዜና ዓለም

መርሃዊ ገብረሚካኤል

ፑቲን፡ ሃገሩ ኣብ እተካይዶ ዝኾነ

ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ንሕብረት ኤውሮጳን ኔቶን የጠንቅቕ
ወተሃደራውን ፖለቲካውን ስርሒታት፡
ሕብረት ኤውሮጳ ይኹን ኔቶ
ወተሃደራዊ ምትእትታው ክገብር ምስ
ዝፍትን፡ ሞስኮ ተሪር ግብረ መልሲ ከም
እትህበሉ ኣጠንቂቑ።
ፑቲን ነዚ መጠንቀቕታ’ዚ ዘስምዕ
ዘሎ፡ ድሕሪ’ቲ ኣብ ጸሊም ባሕሪ ኣብ
እትርከብ ሩስያዊት ከተማ ሶቺ ምስ
ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ሃገሩ ተራኺቡ
ኣብ ጉዳይ ፖሊሲ ወጻኢ ሩስያ ዘካየዶ
ርክብ እዩ።
ንሱ ወሲኹ፡ መራሕቲ ኔቶ ይኹኑ
ሕብረት ኤውሮጳ፡ “ሩስያ ክንዮ
ታህዲድ ተግባራዊ ስጉምቲ ክትወስድ

ኣይትኽእልን እያ፡” ንዝብል እምነቶም፡
“ታሪኻዊ ዕሽነት” ክብል ድሕሪ ምግላጽ፡
ሞስኮ ኣብ ዝኾነ ግዜን ኩነታትን

ምላሽ ንምሃብ ወትሩ ቅርብቲ ምህላዋ
ኣጠንቂቑ።
ንወተሃደራዊ ዕንደራ ኔቶን ሕብረት

ኤውሮጳን ብዕቱብ ይከታተሎ ከም
ዘሎ ዘመልከተ ፕረዚደንት ፑቲን፡
ሃገሩ ድኽመት ኮነ ተወላዋሊ መርገጺ
ከም ዘይብላ ብምንጻር፡ ኣብ ልዕሊኣ
ንዝውሰድ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ሕነ
ናይ ምፍዳይ ዓቕማ ልዕሊ ዝኾነ እዋን

ልዑል ምህላዉ ኣገንዚቡ።
ሞስኮ፡ ኣብ 2022 ኣብ ልዕሊ ዩክሬን
ኲናት ካብ እትእውጅ ንደሓር፡ ዝምድና
ሩስያን ሕብረት ኤውሮጳን ኣዝዩ
ሻሕኪሩ ምህላዉ ዘመልከቱ ተንተንቲ፡
እቲ ሕብረት ወተሃደራዊ ዓቕሙ
ንምድልዳል ኣብ ጽዑቕ ንጥፈታት
ተጸሚዱ ምህላዉ ይሕብሩ።

ፖላንድ፡ ብብልጫ ሓይልታት ሩስያ ተኣሚና
ሓይልታት ሩስያ ካብ ሓይሊታት
ሃገራት ኤውሮጳን ዩክሬንን ዝለዓለ
ወተሃደራዊ ሞራልን ድስፕሊንን ከም
ዘለዎም፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ፖላንድ
ዶናልድ ቱስክ ገሊጹ።
ንሱ ነዚ ዝገለጸ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ
ኮፐንሃገን - ደኒማርክ ኣብ ዝተኻየደ
- ምዕራባውያን ንዩክሬን ኣብ ዝህባኦ
ደገፍ ዝዘተየ ዋዕላ ፖለቲካዊ ማሕበረ
ሰብ ኤውሮጳ እዩ።
ቱስክ ናብ ርእሱን ኣፍ ልቡን

እናኣመልከተ፡ እቲ እንኮ ብልጫ
ሩስያውያን ሰረት እምነት ኣተሓሳስባኦም
ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቶም ሓይሊታት
ዘይ ከም ሓይሊታት ዩክሬንን ኤውሮጳን፡
ሃገሮም ትሓቶ ዝኾነ መስዋእቲ ክኸፍሉ
ድሕር ዘይብሉ ምዃኖም ኣረዲኡ።
ንስነ ኣእምሮኣዊ ብልጫ ኣብ
ግምት ብምእታው ከወዳድር ዝፈተነ
ቱስክ፡ “መንግስታትን ሓይሊታትን
ምዕራባውያን፡ ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ ኲናት
ወሳንነትን ቆራጽነትን ኣይነበሮምን፡”
ክብል ብትሪ ነቒፉ።
ሩስያ ንዩክሬን
እንተ ስዒራታ፡
ድሒራ ናብ
ምብራቕ ኤውሮጳ
ክትጥምት ከም
እትኽእል ዘጠንቀቐ
ቱስክ፡ ሩስያውያን
ድሕሪ ዓወቶም

ኣንፈቶም ናብ ፖላንድ ብምግባር፡
ንግዝኣታዊ ሓድነት ሃገሩን ሕብረት
ኤውሮጳን ኣብ ምልክት ሕቶ ከእትዉዎ
ከም ዝኽእሉ ኣጠንቂቑ።
ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡
ኣብ ተመሳሳሊ መዓልቲ ኣብ ሩስያዊት
ከተማ ሶሺ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ድማ፡
ሞስኮ ንኣባላት ኔቶ ምጥቃዕ መደብ
ከም ዘይብላ ድሕሪ ምግላጽ፡ ነቶም
ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ንዕቀት ዘርእዩ ወገናት፡
“ሩስያ ናይ ወረቐት ነብሪ ኣይኮነትን”
ብምባል፡ ምዕራባውያን ዝኽተልዎ
ዘለዉ ፖለቲካዊ ፖሊሲ ክኽልሱዎ
ኣዘኻኺሩ።
ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ፖላንድን
ኢስቶንያን፡ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ሩስያ
ንኽሊ ኣየረን ብምጥሓሰን ንሞስኮ
ክኸሳኣ ከም ዝጸንሓ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡
ሩስያ ግና ነቲ ክሲ “መሰረት ዘይብሉ
ሓሶት” ብምባል ከም ዝነጸገቶ የመልክቱ።

ብሪጣንያ - ብመጥቃዕቲ ስሕለት ሰለስተ ሰባት ሞይቶም

ኣብ ከተማ ማንቸስተር - ብሪጣንያ ኣብ
ዝርከብ ናይ ኣይሁዳውያን ቤት ጸሎት
ምኩራብ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ክልተ
መእመናን ክሞቱ እንከለዉ ሰለስተ ድማ
ብኸቢድ ከም ዝቖሰሉ ቢቢሲ ሓቢሩ።
ጂሃድ ኣል ሻሚ ዝተባህለ ወዲ 35
ዓመት ጥርጡር፡ ነቲ መጥቃዕቲ ብስሕለት
ከም ዝፈጸሞ ድማ፡ ፖሊስ ንናይ ዓይኒ
መሰኻኽር ብምጥቃስ ሓቢሩ።
ሶርያዊ መበቆል ዘለዎ ጂሃድ ኣል
ሻሚ፡ ብንእሽቶይ ማኪና ንቐጽሪ ናይ’ቲ
ቤት ጸሎት ጥሒሱ ከም ዝኣተወ
ዝጠቐሰ ቢቢሲ፡ እቲ ገበነኛ ካብ ፖሊስ
ብዝተተኮሰሉ ጠያይቲ ብኡ ንብኡ ከም

ዝተቐትለ ንፖሊስ ከተማ ማንቸስተር
ብምጥቃስ ኣፍሊጡ።
ፖሊስ ከተማ ማንቸስተር፡ እቲ
መጥቃዕቲ ምስ ግብረ ሽበራ ምትእስሳር
ከም ዝነበሮ ብምግላጽ፡ ኣብቲ ጉዳይ
ክተሓባበሩ ከም ዝጸንሑ ንዝገለጾም
ሰለስተ ሰባት’ውን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ
ኣእትዩ ከም ዘሎ ገሊጹ።
ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኬር
ስታመር፡ ኣብታ ብኣቈጻጽራ ኣይሁድ
ዝተቐደሰት መዓልቲ ‘ዮም ኲፑር’
ንዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ብትሪ ክኹንኖ
እንከሎ፡ ከንቲባ ከተማ ለንደን ሳዲቕ
ሳን ድማ፡ ኣብ ርእሰ ከተማ ናይ’ታ ሃገር

“ስርዓተ ምክልኻል ኣየር ጀርመን

ኣይግድን” ጋዜጣ ቢልድ-ዘይቱንግ
ሰራዊት ጀርመን ኣብ ክሊ ኣየር ሃገሩ
ንዝረኣያ ዝተራቐቓ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ
ክሃርም ዘኽእሎ ምሉእ ወተሃደራዊ
ብቕዓትን ኣጽዋርን ከም ዘይብሉ፡ ኣብታ
ሃገር እትሕተም ጋዜጣ ‘ቢልድ ዘይቱንግ’
ሓቢራ።
ሰራዊት ጀርመን፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት
ኣብ ልዕሊ ወሰንቲ ቦታታት ሃገሩ ከም
ዝተራእያ ክንገረለን ንዝቐነያ መንነተን
ዘይተፈልጣ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ክዓግተን
ኮነ ሃሪሙ ከውድቐን ከም ዝተጸገመ፡ እታ
ጋዜጣ ወሲኻ ኣመልኪታ።
እታ ጋዜጣ ኣብ ገጻታ ኣብ ዘስፈረቶ
ሓበሬታ፡ ጀርመን ክሳብ ሕጂ ኣብ
መሬት ጥራሕ ኣብ ዝተመርኮሰ ስርዓተ
ምክልኻል ኣየር ኣተኲራ ክትሰርሕ
ምጽንሓ ብምጥቃስ፡ ካብ ጸላእታ ክመጽኣ
ንዝኽእል መጥቃዕትታት ንምምካት ኮነ
ግብረ መልሲ ንምሃብ ዘኽእላ እኹል
ናይ ሓጺርን ርሑቕን ሚሳይላት ከም
ዘይብላ ኣረዲኣ።
ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት፡ ኣብ ክሊ

ኣየራት ጀርመንን ካልኦት ሓያሎ ሃገራት
ኤውሮጳን ድሙቕ ብርሃን ዝነበረን ሰብ
ኣልቦ ነፈርቲ ከም ዝተራእያ፡ ምንጪታት
የመልክቱ።
ነዚ ተርእዮታት ኣመልኪቱ ፕረዚደንት
ዩክሬን ቮለድሚር ዘለንስኪ ኣብ ዝሃቦ
ሓበሬታ፡ ሩስያ ዝኾነ መለለዪ ዘይብለን
ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ክተንቀሳቕስ ከም
ዝጸንሐት ገሊጹ።
እተን ካበይ ከም ዝተበገሳን ናበይ ከም
ዘበላን ዘይተፈልጣ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡
ዛጊት ዋንነት ናይ መን ሃገር ምዃነን
ኣይተፈልጠን ዘሎ።
ይኹን’ምበር፡ ወተሃደራውያን ክኢላታት
ሩስያ ልኢኾመን ክኾኑ ከም ዝኽእሉ
ግምታት ኣሎ።
መራሕቲ ኤውሮጳ ኣብዚ ሰሙን ኣብ
ኮፐንሃገን - ዴንማርክ ኣብ ዘካየዱዎ ርክብ፡
ነቲ ብሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ተፈጢሩ ዘሎ
ስክፍታታት ንምውጋድ፡ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ
ክሓልፈኦ ዘይክእላ ስርዓተ መከላኸሊ
ንምህናጽ ከም ዝተዘራረቡ ይዝከር።

ሓማስ፡ “ንእማመ ሰላም ምላሽ ክህብ’የ” ኢሉ
ምንቅስቓስ ሓማስ፡ ነቲ ፕረዚደንት
ኣመሪካ ዶናልድ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ
ኲናት ደው ንምባል ዘቕረቦ እማመ
ሰላም፡ ኣብ ቀረባ እዋን ምላሽ ክህበሉ
ምዃኑ፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ
ኣመልኪቱ።
ኣባል ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ሓማስ
መሓመድ ናዛል ዝሓለፈ ሓሙስ
ንኣልጀዚራ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሓማስ
ነቲ ብትራምፕ ዝቐረበ እማመ ሰላም
ይዘራረበሉ ምህላዉ ብምግላጽ፡ ኣብ
ዝሓጸረ መዓልታት መርገጺኡን
ውሳነኡን ከፍልጥ ምዃኑ ኣረዲኡ።
እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡ ሓማስ ከም
ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ መጠን፡ ንረብሓ
ህዝቢ ፍልስጤም ብዘገልግል መንገዲ
ነቲ እማመ ሰላም ብዕቱብ ይምርምሮ
ከም ዘሎ ኣገንዚቡ።

ኣብ መጀመርታ ናይዚ ሰሙን’ዚ፡
ትራምፕ፡ ኣብ ቓዛ ዝቕጽል ዘሎ ኲናት
ደው ንምባል፡ ኣብ መንጎ መንግስቲ
እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን
ፖለቲከኛታት ዝርከቡዎም እሱራት
ናይ ምልውዋጥ መስርሕ ክካየድ፡
ሓማስ ዕጥቁ ክፈትሕ፡ እስራኤል ካብ
ቓዛ ክትወጽእ፡ ወዘተ. ዝጠልቡ 20
ነጥቢታት ዝሓዘ ሰነድ
ምቕራቡ ይዝከር።
እቲ ፕረዚደንት ዝሓለፈ
ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡
ሓማስ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ
መዓልታት ነቲ እማመ
ሰላም ምላሽ ክህበሉ ይጽበዮ
ምህላዉ ምግላጹ ይፍለጥ።
እዚ ይኹን እምበር፡ እቲ
ቀሪቡ ዘሎ እማመ ሰላም

ዝያዳ ንእስራኤል ዘርብሕ ምዃኑ፡ ነቲ
ጉዳይ ብቐረባ ዝከታተሉ ዘለዉ ወገናት
የመልክቱ።
እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር
ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ፡ ሃገሩ ምስ
ቀጠርን ቱርኪን ብምዃን፡ ሓማስ ነቲ
እማመ ሰላም ንኽቕበሎ ከተእምኖ
ትሰርሕ ከም ዘላ ገሊጹ።

ኣብ ዝርከባ ኣብያተ ጸሎት ኣይሁድ
ተወሳኺ ግብረ ሽበራዊ መጥቃዕቲታት
ከይፍጸም ብዝብል ስግኣት ተወሳኺ
ሓይሊ ፖሊስ ክዋፈር ምዃኑ ኣፍሊጡ።